# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.117 | ረቡዕ 15 ጥሪ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ብሰንኪ ዋሕዲ ህዝቢ ዝተናዕቀት ሃብታም ሃገር




ገጽ 3
ህይወት ስራሕና



ገጽ 4
ግድል እተን መካይን



ገጽ 5
ነጥበ መቕየሮ



ገጽ 11
ኣርቴታ፡ ኣብ ሃቨርትስ ንዘወረደ መጥቃዕቲ ነቒፉ



## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ፍሉይ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ

ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን - ኣቶ ቢንያም በርሀ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 9 ክሳብ 11 ጥሪ ኣብ ካምፓላ - ኡጋንዳ ኣብ ዝተቓንዐ ፍሉይ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ 'ኣጠቓላሊ መደብ ምምዕባል ሕርሻ ኣፍሪቃ' ተሳቲፉ።

'ኣጠቓላሊ መደብ ምምዕባል ሕርሻ ኣፍሪቃ'፡ ኣብ 2003 ዝተበገሰ ኣካል ናይ ክፍለ-ዓለማዊ ኣጀንዳ 2063 ሕብረት ኣፍሪቃ ኮይኑ፡ ኣብ ጽላት ሕርሻ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእን ምህርቲ ንምዕባይን ዝዓለመ መደብ'ዩ።

እቲ ዋዕላ፡ ብ9 ጥሪ ብደረጃ ሚኒስተራት ሕርሻ፣ ብ10 ጥሪ ብሓባራዊ ኣኼባ ሚኒስተራት ሕርሻን ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢን፣ ብ11 ጥሪ ከኣ ብደረጃ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ እዩ ተኻዪዱ።

ልኡኽ ኤርትራ፡ በብደረጃኡ ኣብ ዝተኻየደ ሰፊሕ ዘተ፡ ኤርትራ ኣብ ርእሰ-ምርከሳ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ፣ ዋንነት መደባትን ህዝባዊ ተሳትፎን ዝተሰረተ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ከምእትኽተል፣ ምምዕባል ጽላት ሕርሻን ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን ድማ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታት ሃገራዊ ልምዓታ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኤርትራ ቅድሚ 2013 ትሰርሓሉ ዝነበረት ቴማ፡ "ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ" ዝብል ምንባሩ፣ ካብ 2013 ክሳብ 2020 ናብ "ምርግጋጽ መኣዛዊ ውሕስነት መግቢ" ከም እተመሓየሸ፣ ካብ 2021 ጀሚሩ ከኣ ናብ "ምርግጋጽ ድሕነቱ ዝተሓለወ መኣዛዊ መግቢ" ከም ዝማዕበለ ዘብርሀ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ዝዝርጋሕ ሃገራዊ ስትራተጂያዊ ውጥን ሕርሻ ብምስኣል፡ ኣብ ልምዓት ምሕደራ መሬት፡ ልምዓት ኣእካል፡ ልምዓት ጥሪት፡ ዝተወሃሃደን ዘላቕን ሓገዝ ንምምሕያሽ መፍርዮን ሕርሻዊ ፍርያምነትን፣ ከምኡ'ውን ምምዕባል ትካላውን ስብኣውን ጸጋታት ኣብርቲዓ ትሰርሓሉ ከምዘላ ዘርዚሩ።

ባህርያዊ ጸጋታት ንምዕቃብን ንምምዕባልን ብዝዕመም ዘሎ ስራሕ፡ ዛጊት ልዕሊ 800 ዝተፈላለዩ ዓቕን ዘለዎም ዲጋታት ከምእተሃንጹ፣ ኣብ ልዕሊ 546 ሽሕ ሄክታር ናይ ምዕቃብ ሓመድ ንጥፈታት ከምእተዓመ፣ ዓይነታዊ ፍርያምነት ንምዕባይ ዝዓለመ ተክኖሎጂ ንምትእታው ይስራሕ ከምዘሎ፣ ከም ውጽኢቱ - ፍርያምነት ፍረታት ብ71 ዕጽፊ፣ ፍርያምነት ኣሕምልቲ ድማ ብ600 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፣ ከምኡ'ውን ልምዓት ተምሪ ንምስፋሕ ክሳብ 2026 ኣስታት 200 ሽሕ ገረብ ተምሪ ንምትካል መደብ ከምዘሎ ኣረዲኡ። ኣብ ውጽኢት እንስሳ፡ ጸባ፡ እንቋቑሖን መዓርን ከኣ ዘተባብዕ ኵነታት ከምእተመዝገበ ገሊጹ።

እቲ ዋዕላ ኣብ መወዳእታ፡ ስትራተጅን ውጥን ትግበራን ካብ 2026 ክሳብ 2035 ዝዝርጋሕ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ኣጠቓላሊ መደብ ምምዕባል ሕርሻ ኣፍሪቃ፣ ከምኡ'ውን ኣዋጅ ካምፓላ ንምድንፋዕ ሓቑፊ ስርዓት ፍርያምነት ሕርሻ ዝሓቘፈ ቁጠባዊ ዕቤትን ተኻፊሊ ብልጽግናን ኣጽዲቑ።

ኣዋጅ ካምፓላ፡ ሕርሻዊ ምህርቲ ክሳብ 2035 ብ45 ሚእታዊት ክብ ምባል፣ ኣብ እቶት ሕርሻ ዘጋጥም ምብኻን ብ50 ሚእታዊት ምንካይ፣ ኣብ ሓድሕድ ዝግበር ንግዲ ውጽኢት ሕርሻ ብ3 ዕጽፊ ክዕቢ፣ ከምኡ'ውን ዘቤታዊ ምምስራሕ መግቢ ክሳብ 2035 ብ35 ሚእታዊት ክዕቢ ዝብል ሸቶታት ዘለዎ እዩ።




## ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ደም ለጊሶም

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ "ብዘትካእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ምድሓን" ብዝብል ቴማ ዝጀመርዎ ልግሲ ደም፡ ኣብ ዓመተ - 2025 እውን ብዝተወደበ መልክዕ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

ንሳቶም ዚ ዝገለጹ፡ ብ12 ጥሪ ብጥርናፍ ን7ይ ግዜ ብወለንትኦም ደም ኣብ ዝለገሱሉ ኣጋጣሚ'ዩ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ጀማል ሳልሕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሳላ ብቐጻሊ ዝገብሩ ንቕሓት፡ ቁጽሪ ብወለንታ ደም ዝልግሱ ኣባላት እናሰሰነ ይመጽእ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ቀረብ ደም እትሓልፍ ህይወት ከይትህሉ ዝከኣሎም ከምዝገብሩ ገሊጹ።

ኣብ ሃገራዊ ባንኪ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ነርስ ዑቕባይ የውሃንስ ድማ፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዘወሰድዎ ተበግሶ ብምምጓስ፡ ካልኦት ማሕበራትን ትካላትን ነዚ ቅዱስ ተግባር ብምስዓብ ሰራዊት ለገስቲ ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣቦ'ቲ ዕለት ደም ዝለገሱ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዝትካእ ደም ብምልጋስ ህይወት ክትድሕን ካብ ምርኣይ ዝዓቢ ዓሰቢ ከምዘየለ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ውዳበ ከምዝደፍኡሉ ኣረጋጊጾም።




ሰኣሊ፡ ዮውሃንስ መብራህቱ

## ድባርዋ - ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ን325 ስድራቤታት ኣጣዩሱ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ን325 ስድራ ስውኣት፡ ስንኩላንን ኣለይቲ ጸገማትን ብ250,000 ናቕፋ ኣጣዩሱ።

ሓላፊት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ወ/ሮ ጸገ ባርያጋብር ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ እተን ስድራቤታት - 6 ብገዛውቲ፡ 19 ድማ ብጥሪት ከምእተጣየሳ ገሊጻ።

ኩነታት ኣቕዲመን ዝተጣየሳ ስድራቤታት ንምፍላጥ ብዝተገብረ መጽናዕቲ፡ እተን ዝጠዙላ ኣብ መፍርየአን ለውጢ ከምዝምጽኣ፣ ኣዝየን ውሑዳት ግና ዘይተዓወታ ከምዘለዋ ዝሓበረት ወ/ሮ ጸገ፡ እዘን ሕጂ ዝተጣየሳ ንኽዕወታ፡ ደገፍ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ከይፍለየን ተላቢያ።

ተጣየስቲ ስድራቤታት ብወገን ናብራአን ንምምሕያሽ ብዝተዋህበን ዕድል ኣብርቲዐን ከምዝሰርሓ ቃል ኣትየን።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ከተማ ድባርዋ ዝቕመጡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ገድሊ ክፍላተ-ሰራዊት 70-16 ነበር፡ ኣብ ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ዝካየድዎ ዘለዉ ንጥፈታት ምግራብ ጸቡቕ ጎስጓስ የመዝግብ ከምዘሎ ተገሊጹ።

እቲ ምስ ምምሕዳር ብምርድዳእ ብወለንታዊ ተበግሶ ዝካየድ ዘሎ ዕማም፡ ምትካል፡ ምኽስካስ፡ ምስታይ ማይን ምጽንጻልን የጠቓልል።

እዮም 50 ዝኾኑ ኣባላት፡ ኣብ'ቲ ኣስታት 200 ሜትሮ ቁመትን ካብ 40 ክሳብ 70 ሜትሮ ጎድንን ዘለዎ ቦታ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ኣግራብ ከምዝተኸሉን ኣብ ጸቡቕ ደረጃ ከምዝርከባን ወከልቲ ኤረና ሓቢሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ተኽለማርያም ገብረእየሱስ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ነቲ ከባቢ ናብ ሓምላይ ንዝቕየረ ወለንታዊ ተበግሶ ብምምጓስ፡ ውሑስ ምንጪ ማይ ዘለወን ዓድታት ተመሳሳሊ ተበግሶታት ከወስዳ ኣዘኻኺሩ።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ብሰንኪ ዋሕዲ ህዝቢ ዝተናዕቀት ሃብታም ሃገር

ተጓሕጒሑ ዘይፈልጥን ኣብዚ እዋን ኣብ ውሑድ ቦታታት ዓለም ዝርከቡ ማዕድናት ባህርያዊ ሃብቲ ግሪንላንድ እዩ፡፡ ኣብ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣዝዩ ተደላዪ ዝኾነ ክቡር ሓመድ (ሬር ኤርዝ) ኣብ ትሕቲ ከርሲ ምድሪ ግሪንላንድ ይርከብ፡፡ ክሳብ ሕጂ ዘይተመዝመዘ ኑዩዲ ዘይትን ጋዝን ከኣ ብብዝሒ ኣብታ ደሴት ከም ዝርከብ ይፍለጥ፡፡ ነዚ ማዕድናት ብምውሓን ውሕስቶት ኑዳድን ተደላዪ ማዕድናትን ከተጥሪ ዘይትደሊ ሃገር የላን፡፡ ግሪንላንድ ኣብ ትሕቲ ዴንማርክ ኣካል ኤውሮጳዊ ሕብረት ከም ምዃና፡ ነቲ ትራምፕ ዘቕርቦ ዘሎ ጸውዒት ክሳዕ ሕጂ ማዕከናት ዜና ዴንማርክ ጥራይ እያን ርእይቶ ዝሀባሉ ዘለዋ፡፡ እቲ ሕብረት ግና ዝኾነ ድምጺ ኣይሃበን፡፡ ንርእይቶ ትራምፕ ደገፍ ዝሀብ ክርከብ ይኽእል ኢልካ ክሕሰብ እውን ከቢድ እዩ፡፡ ንተቓውሞ ግና ታህዋኽ እውን ስለ ዘየድልዩ እቲ ሕብረት ኣስቂጡ ኣሎ፡፡

ፕረዚደንት ትራምፕ “ስለ ሃገራዊ ድሕነትን ሓርነት ህዝቢ ዓለምን ግሪንላንድ ኣብ ትሕቲ ዋንነት ዩኤስ ኣመሪካ ክትኣቱ ግድን እዩ” ኢሉ ኣሎ፡፡ ግሪንላንድ ናይ ዴንማርክ ግዝኣት ስግረ ባሕሪ ብምዃን ጥራይ እያ ምስ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝምድና ዘለዋ፡፡ ዜጋታታ ድማ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ዜግነት ኣለዎም፡፡ ከም ሃገር ኣካል ናይቲ ሕብረት ኣይኮነትን፡፡ ነታ 57 ሽሕ ዜጋታት ጥራይ ዝቕመጥዋ ኣዝያ ገዛፍ ሃገር፡ ሓያላት ሃገራት እንተ ደንደንዋ ዘገርም ኣይኮነን፡፡

ግሪንላንድ ካብ 1814 ኣትሒዛ ከም ባዕዳዊ ግዝኣት ዴንማርክ ኮይና ክሳዕ 1953 ጸኒሓ፡፡ ኣብ ትሕቲ ዴንማርክ ዝነበራ መግዛእቲ ብደረጃ እናላሕለሐ ካብ መውዳእታ ሰብዓታት ንደሓር ርእሰ ምምሕዳር መስሪታ፡፡ ናይ ባዕላ ባይቶን መንግስትን፡ ፖሊስን ሓለዋ ባሕርን ኣለዋ፡፡

ኣብ ባይቶ ዴንማርክ ብኽልተ ኣባላት ትውከል ግሪንላንድ፡ ፍርቂ ካብ ባጀታ ብዴንማርክ ይሽፈን፡፡ ኣብ ጉዳያት ወጻእን ሓይሊ ምክልኻልን እውን ኣብ ትሕቲ ዴንማርክ እያ፡፡ ኣብ ሰብዓታት ኣባል ቁጠባዊ ማሕበር ኤውሮጳ ዝነበረት ግሪንላንድ፡ ሃብቲ ዓሳ ብሸም ሓብራዊ መሰል ክኩሓኻሕ ምስ ጀመረ ካብቲ ማሕበር ወጺኣ፡፡ እቲ ቁጠባዊ ማሕበር ናብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ምስ ማዕበለ ግሪንላንድ ቀጥታዊ ኣባልነት የብላን፡፡ ከም ግዝኣት ዴንማርክ ግና ምስቲ ሕብረት ተኣሲራ እያ፡፡

ግሪንላንድ 2.1 ሚልዮን ርቡዕ ኪሎሜተር ስፍሓት ዘለዋ ዓባይ ሃገር ክትከውን እንከላ ምስቲ ጸፍሒ ማያታ ተተሓሒዙ ናብ ባሕሪ ዝዘርገሐ 900 ሽሕ ርቡዕ ኪሎሜተር ግዝኣት ኣለዋ፡፡

ዶናልድ ትራምፕ ኣብቲ ቀዳማይ ናይ ፕረዚደንትነት ዘመኑ ሃገሩ ንግሪንላንድ ክትዕድግ ትዳሎ ከም ዘላን ምስ መራሕቲ ዴንማርክ ዝርርብ ከም ዝጀመረን ኣፍሊጡ ምንባሩ ይዝከር፡፡ ዴንማርካውያን ምስ ኣባጨወሉ ከም እተቛረጸን ብዙሕ ከይጸንሐ ብምርጫ ተሳዒሩ ምውራዱን ይዝከር፡፡

ኣመሪካ ናብ ግሪንላንድ ዘለዋ ተገዳስነት ሕጂ ብሃንደበት ዝጀመረ ኣይኮነን፡፡ ብምኽንያት ዝሑል ኲናት ዝተደኮኑ ምስ ዓለማዊ መርበባት መጸናጸኒ ጠፈር ዝተተሓሓዘ መዓስከር ‘ፒቱፊክ’ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ንሓያሎ ዓመታት ደኪና ጸኒሓ እያ፡፡ ዴንማርክ ካብ ኣየማዊ ቦምባታት ናጻ ኮይና ክትቅጽል ዝነበራ ቅዋም ጥሒሳ፡ ንኣመሪካ መዓስከር ኣጽናቲ ኣጽዋር ከምዝፍቀደትላ ኣብ ክፍላ ቴሌዓታት ዝሉሓኹ ዜናታት ኣቃሊሖም ነይሮም፡፡

ኣመሪካ፡ መደበር ሰንቸሪ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ምስጢራዊ መዓስከር ከምዝደኮነትን ኣብ 1968 ኣርባዕተ ሃይድሮጅን ቦምባታት ዝጸዓነት ነፋሪት ኣብ ዝረገአ ማይ ተሓምሺሻ ወዲቓ ምንባራን ጸብጻባት ይዝክሩ፡፡ ኣብታ ነፋሪት ብዝተፈጥረ ባርዕ፡ ቦኪሊ ረድዮ ጨረር ናብ ሃዋህው ከም ዝበዝሐ ሓደ ካብቲ ቦምባታት ክሳዕ ሕጂ ተደልዩ ከም እተሳኣነ ይሕበር፡፡ እዚ መዓስከር ንሓዋሩ ንብረት ኣመሪካ ኮይኑ ስለ ዝቕጽል ከም ኣካል ምምሕዳር ግሪንላንድ ኣይሕሰብን፡፡ እቲ መዓስከር ክደኩን እንከሎ ኣመሪካ 12 ሽሕ ሰራሕተኛታት ኣእትያ ከም ዝነበረትን ኣብዚ እዋን ግና ትሕቲ ሓደ ሽሕ ሰራሕተኛታት ከምዝርከቡ ጸብጻባት የረድኡ፡፡

ስለዚ ኣመሪካ ኣብ ግሪንላንድ ጋሻ ኣይኮነትን፡፡ ረቡሓ ናይ ግሪንላንድ ልዕሊ ኩለን ሃገራት ስለ እትፈልጥ፡ መዓስከር ‘ፑቱፊክ’ ንምልእቲ ግሪንላንድ ክዕብልል እንተተመኽየት ብዙሕ ከገርም ኣይክእልን፡፡ ናብ መጻሰ ኣርሒ ዝሓወሰ “ኣሓና” ይብል ከም ዝበሃል፡ ግሪንላንድ ናይ “ኩልና” እያ ዝብል ሓያል እንተተኸሰአ ኤውሮጳ እንታይ ደ ክትብል እያ?




## ባህግታት ዶናልድ ትራምፕ ናብ ግሪንላንድ

ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር ኣብ ምርጫ ኣመሪካ ዝተዓወተ ሕጹይ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ናይ ዝሓለፍ ዘሎ ስርዓት መንግስቲ ፖሊሲታት ቁጠባን ዲፕሎማስን ዓቢ ለውጢ ክገብረሉ ከም ዝኾነ ብተደጋጋሚ ከረድእ ጸኒሑ እዩ፡፡ እዚ ‘ንኣመሪካ ነዕብያ’ ብዝብል ጭርሖ ወይ ከኣ ቢቲ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ምሕጻር ‘ማጋ’ ብዝብል ፖለቲካዊ ዕላማ ከም መለለዩ ኣርማ ዘለዎ ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ሃገሩ ናይ ምዕባይ ዘለዎ ትምኒታት ክገልጽ ጸኒሑ ኣሎ፡፡

ክጸወ እቲ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገሩ፡ ዶብት ሃገሩ ብምግፋሕ ንኣመሪካ ከዕቢ ዘለዎ ድልየት እውን ኣብ መደረታት ከስምዕ ቀንዩ ኣሎ፡፡ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ እትርከብ ገዛፍ ሃገር ካናዳ መበል 51 ክፍለ ሃገር ኣመሪካ ክትከውን ከም ዝደሊ፡ ንፓናማ ኣብ ክልተ መቒሉ ዝሓልፍ መሳገሪ መራኽብ መትረብ ብኣመሪካ ክውሃን ከም ዘለዎ፡ ካብ ደሴታት ዓለም ዝዓበየት ግሪንላንድ ኣብ ትሕቲ ኣመሪካ ክትኣቱ ከም ዝደሊ ዘስምዖ ቃላት ኣብዚ ቕንያት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ይዝርጋሕ ኣሎ፡፡

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ ካናዳ ናይ ኣማኢት ኪሎሜተራት ናይ ሓባር ዶብ ስለ ዘለዎ፡ ብኢደኛኽና ደቦተኛን ኣመጻጽኣ መንግስታተን ከኣ ተመሳሳሊ ታሪኽ ስለ ዘለወን ካናዳ ኣካል ዩኤስ ኣመሪካ ክትከውን እንተተመኘየ ዘገርም ኣይኮነን፡፡ ማያት ፓሲፊክ ምስ ኣትላንቲክ ዘራኽብ መሳገሪ መራኽብ ፓናማ፡ ብኣመሪካ ተደኪኑ ንሓያሎ ዓመታት ክሳዕ 1999 ኣብ ትሕቲ ኣመሪካ ስለ ዝነበረ፡ ሃገሩ ክምለሶ ከም እትደሊ እንተገለጸ መግኑቲ ነጥብታት ከይሓዘ ኣይዛረብን፡፡

ኣብ ሰሜናዊ ዋልታ ዓለምና ክልተ ኣህጉራት ዓለም እትራኸበ ኣብ ስትራተጂያዊ ማያት ዓለም ኣሳፊሓ እትርከብ ገዛፍ ደሴት ግሪንላንድ ብኣመሪካ ክትውሃን ዘቕርቦ ዘሎ ሓሳብ ሓድሽ ኣይኮነን፡፡ ካብ 2016-2020 መበል 45 ፕረዚደንት ኣመሪካ ተመሪጹ ኣብ ዘገልገለሉ ዝበረ፡ ኣመሪካ ንግሪንላንድ ብገንዘብ ክትዕድጋ ከም እትደሊ ሓቢሩ ምንባሩ ይፍለጥ፡፡ ናይ ርእሳ ምምሕዳር ዘለዋ ዓባይ ደሴት ግሪንላንድ ኣብ ትሕቲ ዘውዳዊ መንግስቲ ዴንማርክ እያ ተቖሪና እትርከብ፡፡ ትራምፕ ኣብቲ እዋን ዝቐረቦ ሓሳብ ዴንማርክ ብኡ ንብኡ ከም ዝጸገዮ ይዝከር፡፡ እታ ደሴት ብዘለዋ ኣቀማምጣን ሃብቲ ማዕድናታን ሓያሎ ሃገራት ከም ዝደረፈኣ ይፍለጥ፡፡ ኣብዚ እዋን ብዴንማርክ ኣቢላ ኣካል ኤውሮጳዊ ሕብረት ስለ ዝኾነት ድማ ናብ ካልእ ሃገር ክትሰጋገር ዝኽእል ሓሳብ ዝድግፍ ዝርከብ ኣይመስልን፡፡ ኤውሮጳ ነቲ ትራምፕ ዘይጋገዮ ባህግታት ብሽቕታ እያ ትሰምዖ ዘላ፡፡

ናብ በረድ ረጊኡ ዝበረ ባሕሪ ኣርክቲክ ብሰንኪ ዓለማዊ ዋዒ እናመኸኸ ደሴታት እናተቐልዓ “ይብጹሓኒ” ናይ ዝብላ ሃገራት ድምጽታት እናተሰምዐ ኣብ ዝበዝሓሉ ዘሎ ግዜ፡ ዓባይ ግሪንላንድ ምስ ዕቑር ሃብቲ ባሕራ፡ ጺጋታት ማዕድናታን ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኣን ካብ ኤውሮጳ ወጺኣ ኣብ ትሕቲ ካልእ ክትኣቱ ዘኽእል ምዕባለታት እንተ ተፈጢሩ ክንዕዘብ ኢና፡፡

ግሪንላንድ ኣዝያ ገዛፍ ከም ምዃና፡ ብኹሉ ሸነኻታ ዞባ ኣርክቲክ ክትቈጻጸር ዘኽእል ኣቀማምጣ ኣለዋ፡፡ ንወተሃደራዊ ጸብለልታ ኣጉዳሲ ዝኾኑ፡ ብደረጃ ዓለማዊ ፖለቲካ ሓይሊ ክሀብ ዝኽእል ግፍሒ መሬት ኣለዋ፡፡ ኣብቲ ከባቢ ልኡላዊ ግዝኣታት ዘለወን መዳበውቲ ሃገራት፡ ኣብ ዘካይደኦ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስን ምርምር ሳይንሳዊ ስራሓትን ግሪንላንድ ከም መጸናጸኒ ትጥቀም፡፡

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኣርክቲክ ተገዳስነት ዝነብራ ዘለዋ ሃገራት ምስ ግሪንላንድ ጸኒዕ ርክብ ብምምስራት ብስም ናይ ወፍሪ ሽርክነትን ብኻልእ ምስምስን ኣብ ግሪንላንድ መእተውን መውጽእን ዕድላት የናድያ ከም ዘለዋ ይፍለጥ፡፡

በረድ ኣርክቲክ እናመኸኸ መንገዲ መራኽብ ከኣ እናተኸፍተ ኣብ ዝኸይደሉ ዘሎ ግዜ፡ እቲ ከቢ መራኽብ ንግዲ ዝጥቀማሉ ኣቋራጭ እናኾነ መጺኡ ኣሎ፡፡ ኣብ ግሪንላንድ ዝደኩና ወደባት እምባኣር መቀበሊ ፍርያት ሸቐጥ ብምዃን ናብ ኣገደስቲ ቁጠባዊ ንቕሓጣታት ክምዕብላ እየን፡፡

እቲ ብኣሽሓት ዓመታት ኣብ ርእሲ ርእሲ ዝተሃንጸ ቀጻሊታት በረድ፡ ታሪኽ ክሊማዊ ለውጥታትን ምቅይያር ጠባያት ኣየር ዓለምን ዘረድእ ሓያሎ ሓበሬታታት ሒዙ ስለ ዘሎ ክኢላታት ሓያላት ሃገራት ኣብታ ደሴት ናይ ምርምር መደበራት ክተኽሉ ይናፍቑ፡፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ህይወት ስራሕና

*08* ሕዳር 2011

*6:30* ድ.ቐ.



ስራሕና ከምቲ ኩሉ ሳዕ ዘዕልለኪ እዩ። ናብዚ ስራሕ ክምደብ እንክለኹ ዝሓሸ ቦታ'ዩ ኢለ ዝነበረኒ ዕግበት ኣስፊረዮ ነይረ። መጀመርታ መዓልቲ ዋና ኣካያዲ ስራሕና ኣኪቡና ነይሩ። "ስራሕ ዓለም ኣብ መጀመርታ ጸላዕላዕ ክብለካ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ተመሃራይ እንክለኻ ዝነበረካ ትጽቢታት ዘይክጸንሓካ ይኽእል እዩ። ኣብ እትምደበሉ ስራሕ ከም ልብኻ ክትመሃርን ክትምኩርን ትሓስብ ኢኻ። ምስ ኣተኻዮ ግን ብግልባጡ ኰይኑ ዝጸንሓካ እዋን ኣሎ። ኣብዚ ስራሕ ብዙሕ ዓይነት ሰብ'ዩ ዘሎ። ጥዑይ ሰብ ኣሎ፣ ጊንጢ ሰብ ከኣ ኣሎ። ቅኑዕ ሰብ ኣሎ፣ ገለ ኸኣ ተንኰል ክብርብር ዝውዕል ኣሎ። ገለ ፍልጠቱ ዘካፍል ኣሎ፣ ገለ ኸኣ ፍልጠቱ ኣብ ትሸቱሹ ሸጒጡ ተሓቢኡ ዝሰርሕ ኣሎ። ብዙሕ ዓይነት ሰብ ኢኹም ክትረኽቡ። ንስኹም ንፋዓት እንተ ኼንኩም ፍልጠቶምን ተመኲሮኦምን ካብ ትሸቱሾም ክትወስድዎ ሕሰቡ። ትሑታት እንተ ኼንኩም ኵሉ ክትፈልጡን ክትረኽብዎን ኢኹም። ኣብ ኮለጅ ዝተመሃርኩሞ ዘበለ ኵሉ ኣብዚ ዘይክጸንሓኩም ይኽእል እዩ። ዝበዝሐ እዋን ቤት ትምህርትታ፡ ናይቲ ኣብ ስራሕ ዓለም እትምሃርዎ ፍልጠት መሰረት እየን ዝህባ፣ እቲ ዝዓበየ ትምህርቲ ኣብ ቦታ ስራሕ ዝምልእ ኰይኑ ይጸንሕ። ንስኹም ከኣ ነቲ ቀዲሙ ኣብዚ ትካል ዝጸንሐ ሰራሕተኛ ብትሕትናን ጥበብን ክትከስብሉ ፈትኑ እምበር፡ ብደረጃ ትምህርቲ ንሰብ ኣይትዓቕኑ፡" እናበለ መዓደና ዋና ኣካያዲ ስራሕና። እዚ እቲ ኣብ ስራሕ ዓለም ፈለማን ዘይርሳዕን ዝረኸብክዎ ሰንቂ እዩ። ድሕሪ መእተዊ ዋና ኣካያዲ ስራሕና ተመዲብና፡ ናብዛ ዘለኹዋ ቦታ ስራሕ - ክፍሊ - ምስ መጻእኩ፡ ካብ ገጾም እናረኣኹ እዚ ጊንጢ እዩ፣ እዚ ቅኑዕ እዩ፣ እዚ ተንኰለኛ እዩ፣ እናበልኩ ክምድቦም ጀሚረ ነይረ። ብዘይካ ናይ ሓደ ብግልባጡ ኰይኑ'ምበር ነናቶም'የ ሂበዮም። ኣብቲ ሓደ መገዲ ምስ ላደዩ ባህርያቶም ኣብ ገጾም ተለጢፋስ ንምንባቡ ክሳብ ክንዲ'ቲ ብርቱዕ ኣይነበረን።

እዘን ብሓንሳብ ዝሰራሕናለን ውሑዳት ዓመታት፡ እታ "ትሑት ምኻን" እትብል ምኽሪ ዋና ኣካያዲ ስራሕና ከተግብራ ጽዒረ። ኣይጠቐመትንን ግን፣ ብኣንጻሩ በጥራም፡ በዛ ንእሽቶ ፍልጠተይ ዝዕበ እናመሰሎም ብጽቡቕ ኣይረኣዩንን። ኣብ ሰለስተ ዓመተይ ሕጂ ይሓይሽ። ገና ዘይጸረየሎም ግን ኣለዉ። ኣብዚ ስራሕና ዘጥረኽዎ ዘነይት ፍልጠት የለን። እተን ክትፈልጠን ዘለካ ውሑዳት፡ ጋሻ ሰብ ቀልጢፉ ከጽንዐንን ክሰርሓለንን ዝኽእላ እየን። ኣብ ኵልና ድማ ኣለዋ። ኣነ ግን ነታ ደቃቕ'ውን ኣይርሰዓን እየ። እቲ ሰቕ ዝብሎ ንኽመሃር ኢለ ምኻኑ በብቑሩብ እናተጋህደ ምስ መጽአ ምስ መሳርሕተይን ሓለፍተይን ዝምድናይ እናሓሸ መጺኡ ኣሎ። ካብ ስራሕ ሓሊፍና ብዛዕባ ናብራን ህይወትን ከነዕልል ጀሚርና ኣለና። ብዓቢኡ ኸኣ ከይተረድኣኒ ኣብ ብዙሓት እምነት ሃኒጸ።

እቶም ትኽስ እናበሉ ዘረባ ክቈልቡ ዝውዕሉ ግን ባህ ከም ዘይብሎም ትማሊ ኣስተውዒለ። ይዓቢ እንተ ሃልዩ፡ ብብዙሓት ህኩያት ከም ዘይፍቶ ፈሊጠ ኣለኹ። ሓደ መዓልቲ ዘሰሓቐትኒ፡ ኣብ "Jokes of Mulla Nasrudin" ዘንበብኩዋ ቍንጫል ሕክያ ዘኪረ።

"... ልዕሊ ፍርቂ ካብቶም ሽልማት ኖበል ዝተሰለሙ ሰብ፡ ኣይሁዳውያን እዮም። ኣብ ምሉእ ዓለም ዘጽልኦም ምኽንያት ከኣ እዚ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ዝሃለው ይሃለው ንሳቶም ዝሳተፍዋ ውድድር እንተ'ላ፡ ዝዕወት ሓደ ካብኦም'ዩ። ብዙሕ ሰብ ከኣ ይቐንኣሎም። ዓለም ምሉእ ከይተፈለጣ ኣንጻሮም ትሓብር። ከይተፈለጦም ጽልኢ የሕድሩ። ክትወዳደሮ ዘይትኽእል ሰብ እንተ ሃልዩ ከይተረዳኣካ ኢኻ ትጸልኦ።"

እዚ ጽልኣቶም ከሰልችዎም ክጅምር እዩ። ሽዑ ዋዛ ክፈጥሩ እዮም። በቲ ዋዛ ኸኣ ክስሕቁ እዮም። ሰሓቕ ዝበለጸ ጸዓት ክኸውን ይኽእል እዩ - ናተይ ምርምር'ዩ፣ ኣነ ኸኣ በዚ ሰሓቑም ክሕንበብ እየ። ምናልባት ከኣ ሓደ መዓልቲ ኣማዕድየ ንታሕቲ እንተ ጠሚተዮም ዕሽነተይ ከይዓቢ እፈርሕ'የ።

**ምሉእ ተስፋይ**

## ቀዳውየይ'ዩ

*31* ታሕሳስ 2024

ኣደናቒ ናይ ህይወተይ ፍጻሜታት ዘስፍረልኪ፡ ናይ ሓሳበይ መሓዛይ ከመይ ቀኒኺ? ኣረ ከመይ ወሪሕኪ? ጥዑም ዜና ጥራይ ክጽሕፈልኪ ቃል ካብ ዝኣቱ ደጊምና ተራኺብና። መባህልተይ 'ሎሚኸ እንታይ ኮን'ዩ ኣጋጢምዋ፡ እንታይ'ያ ገይራ?' ዶ ትብሊ ኣለኺ? ኣጆኺ ከህንጥየኪ እምበር ናይ ጥዕና ምኽኑ ደኣ ኣተምቢሄልኪ እንድየ።

ኣንዊሐልኪዶ! ልበይ ኣውዲቓ'የ ከዕልለኪ፡ ከም ቀደምኪ ተጸመምኒ ደኣ። ከምቲ ኣነ ዝደልዮ ኸኣ'ባ ምስኡ ኣሎ ኢለ ሓሲበ። ምኽሪ ክህባኒ ዝተወከስክወን፡ ሓፈሻዊ ርዲኢት ዘለወን ይኹና ባህርያት ደቂ ተባዕትዮ ዝፈልጣ፡ ተግሳጽ ዝተሓወሶ ናይ ምትብባዕ መንፈስ ብዘይብሉ ገናሒ ቃላትየን ተፋንየናኒ። "መዓልታዊ ዜና ኴንኪ ክትውዕሊ ባህጊ ኣለኪ ድዩ? ኣዋልድ እከለ እንድዩ ሓቲትኒ ኢልና ንመሓዛና ጥራይ ኢና እንነግራ። ኣወዳት ኮ ሓፍትኻ ሓቲታትኒ ምባል'ዩ ዝተርፎም። ዝገደደ ኸኣ ደንጊጹ ሕራይ እንተ ደኣ ኢልኪ።"

"ንሱ ከም'ዞም ትገልጽኦም ዘለኽን ኣወዳት ኣይኮነን፡" ኢለ ኣፊይ ምስ ዘኸፍት፣

"ኵሎም ኣወዳት ሓደ'ዮም።" ሓሳባትካ ዘየመልእ፡ ናታ ይሓይሽ ዝበልክዎ፡ ስምዒተይ ተረዲኣ ሓሳባ ፈይ ዘበለት ዕምበባ መሓዛይ፡ "ባዕልኻ ክብሪ የብሉን። ባዕሉ ከም ዝሓተኪ ዘይትገብሪ።" እተን ከም ሜላ ክግበራ ዘለወን ዝበለትኒ ኣይመቸኣንን። ዘይነበረኒ ዶ ከምጽእ ኮይነ። ኮይና ተሪፋ ዘለኒ ትብዓት ኣኻኺበ ምውሳን'ዩ።

*ጐይታ ፍቕሪ ካን ኰይንካ ዕዝር ኢልካኒ*

*ሰኣን ቀሪበ ምዕላለይ ሰኣን ደፊረ ምንጋረይ...*

ደርፊ ድምጻዊ ኣልማዝ ናይ ምድጋም መደብ የብለይን። ንሱ ስኩፍ ኰይኑ'ዩ እምበር፡ 'ኣነ'ውን ኣፍቅረኪ'የ፡' ከም ዝብለኒ ርግጸኛ'የ። ኣቤት ሽዑ ዝኾኖ። ሕውነት ናብ ፍቕሪ ክሰግር ከሎ ዘለዎ መቐረት! ናተይ ትብሎ ሰብ ኣብ ጐድንኻ፡ ስእሊ ጽባሕ እናማዕደኻ!

"ናፊቐካ፡" ኢለ'የ ባዕለይ ቈጺረዮ። ምርኻብና ልሙድ'ኳ እንተ ኾነ፡ "ናፊቐካ" ክብሎ ግን መጀመርታይ'ዩ። "ካብ መዓስ ደኣ ናፊቕ፡" ፍሽኽ ኢሉ ሓተተኒ።

"ኩሉ ግዜ ክብለካ እብል ሞ፡" ህርመት ልበይ ክውስኽ ተፈለጠኒ። ኣእዳወይ'ውን ብኽቱር ምኽርዳድ ዘይናተይ ኮይነን ተሰመዓኒ። "እንታይ ትብለኒ ኣይፈልጥን የ ኣነ ግን ይፈትወካ'የ።"

"ዋላ ኣነ ከማኺ ገይረ ዝፈትዎ ዘይብለይ። ንስኺ'ኮ ዝፈትዋ ሓፍተይ፡ መባህልተይ ኢኺ።" ኣዒንተይ ንብዓት ቍጽርጽር ኣበለ። 'ይላገጽ ድዩ ዘሎ ዋላስ ናይ ብልቡ?' በልኩ። ኖኖእ... ካብ ሓሳበይ ተበራበርኩ።

"ኣፍቅረካ'የ! ኣብ ልበይ ዝሃብኩኻ ቦታ ኣሎ። ናይ ህይወት ብጻየይ ክትኮነኒ ደልየ፡" ድንን በልኩ። ብኣእዳዉ ገይሩ ገጸይ ኣቕንዓኒ።

"ዝረኸብክዋ ግዜ ምሳኺ ከሕልፉ ዝብህግ፡ ሓላዊኺ ክሳብ ዝመስል ኣብ ከባቢኺ ዝህሉ ስለ ዘፍቅረኪ'ዩ። ኖእ እንተ ኾይኑ መልሰኺ፡ ዘለና ሕውነት ከይክስሮ ሰግኣት ስለ ዘለኒ'የ ዘይሓተትኩኺ። እምበር ንስኺ ንዓይ...፡" ኣየወዳእክዎ'ኳ፣ ሕቝፍ ኣበልክዎ። መማኽርተይ፡ ምሕታተይ ከም ዘየግደዓኒ ኣይተጠራጠርኩን። ቀዳዊየይ'ዩ።

**ሩት ኪሰሪ**

## ታተ

*15* ጥቅምቲ 2024

ሰታንታኦቶ

ሓቂ ይሓይሽ ሎሚ ጽቡቕ ናይ ስራሕ መዓልቲ እዩ ውዒሉ። ምኽንያቱ ዳርጋ ኵሉ ከምቲ ኣንጊሀ ካብ ገዛ ክወጽእ እንከለኹ ዝወጠንክዎ ኰይኑለይ። ኣብዚ ኣጋ ምሸት ደኣ ባህ ዘይብለኒ ነገራት ኣጋጢሙ እምበር።

ኣብ ህይወት ምሉእ ዝበሃል ነገር ከም ዘይየለ ማንም ዝፈልጦ ናይ ቀትሪ ምስጢር እዩ። ክንፍጠር ኣትሒዝና ጕዶሎ ኴንና ኢና ናብዛ ምድሪ መጺእና። ጽቡቕ ነገሩ ግን ጕዶሎታትና ክምላእ ዝኽእል እዩ። ገሊኡ ባዕልና ክንመልኦ እንኽእል እዩ። እዚ ኣብ ሰናይ ፍቓድ ውሽጥናን ትግሃትናን ክንፈልጥ ናይ ምድላይ ሸውሃትናን ይምርኩስ። እቲ ኣጸጋሚ ኰይኑ ዘሎ፡ ብናይ ሰብ ደገፍ ዝምላእ ጕዶሎታት ክህልወካ እንከሎ እዩ። ሕልምታትካ ንኽትበጽሖም ተመኲሮ ናይቶም ቅድሜኻ ከም ናትካ ሕልምታት ነይርዎም፡ ብዝተፈላለየ ሓርኰጽኰጽ ናይ ህይወት መሰናኽላት ሓሊፎም፡ ብናይ ሰባት ሞራልን ድጋፍን ኣብቲ ዝድለ ዝበጽሑ፣ ንስኻ'ውን ናቶም ኣብነት ተኸቲልካ ከም ናቶም ኣብ ዕላማኻ ንኽትበጽሕ ደገፎም ኣብ እትሓተሉ ዘዕግብ ግብረ-መልሲ ክትስእን እንከለኻ የቑጥዓካ እዩ።

ንሳቶም ጀመርቲ ኣብ ዝነበርሉ፡ ንሓገዝ ናይ ሰባት ከም ማና ይምነይዎ ከም ዝነበሩ ረሲዖም፡ ንዓኻ እቲ ዝሓተትካዮም ነገራት ከም ዘይከውን ኣካቢዶም ይነግሩኻ። ኣእዳዎም ንሓገዝ ክዝርግሑልካ ዓቕብ ይኾኑዎም። ምምልላእ ዘይብሉ ህይወት ድማ ንኹሉ ኣርባሒ ኣይኰነን። ኣብ ጎሮቤትና ካባና ኣዝዮም ብዕጽፍታት ዝህብትሙ ስድራ ኣለዉ። የግዳ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ካብ ገዛና ዝልቅሕዎ ነገራት ኣሎ። እቲ ምንታይ ድልየታት ወዲ ሰብ መወዳእታ የብሎምን። እቲ ኣለኒ ኢልካ ትንየተሉ ኣብ ካልእ ሸነኽ ናይ ህይወትካ ከሳግረካ ዘይክእል ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምቲ ገንዘብ ጥራይ ሃሊኻ፡ ኣብ ጽምጽም በረኻ ጽምኢ ማይ ተጠቒዕካ ዝስተ ማይ እንተ ሲኢንካ ገንዘብካ ካብ ጽምኢ ከድሕነካ ዘይክእልን እዩ።

እቶም ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ጽቡቕ ዝሰጕሙ ሰባት፡ ነቶም ኣሰሮም ተኸቲሎም ከምኦም ክኾኑ ዝደልዩ ሃንጎፋይ ክብልዎም እዩ ጽቡቕ። ከምቲ እግሪ ክተክል ዝደለየ ቈልዓ ምእንታን ቀልጢፉ እግሪ ክተክል ኵሉ ኣባል ስድራቤት ታተ ዝብሎ። ምናልባት እዚ ህጻን ምስ ዓበየ በተን ትማል ታተ ዝብላ ዝነበራ ኣእጋሩ ታሪኽ ሰሪሑ፡ ስሙን ስም ስድርኡን ሃገሩን ክጸውዕ ይኽእል ይኸውን። ሽዑ እተን ታተ ዘበልኦ ኣእዳው ክብርን ሓበንን ክሰምዐን ናይ ግድን እዩ። ኣብ ዓወቱ ኣስተዋጽኦ ስለ ዘለወን።

ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ፡ ጽቡቕ ክእለትን ደረጃን ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ትሕቲኦም ኰይነን ብዙሓት ታተ ክብላ ዝደልያ ኣእጋር ሓገዞም ይጽበያ ኣለዋ። ብዘይ ነግ-ፈረግ ብቕንዕና፡ ብዘይ ዝኾነ በለጽ'ን ዘየድሊ መማለድን ክሕግዙ እዩ ድልየተይ። ምኽንያቱ ሰኣን ባይታ ምርካብ ምስ ወርቃዊ ክእለቶም እንክለዉን እንክለዋን ኣብ ገዛ ዝተዓብጡ ኣለዉ። እቲ ሓያል ተውህብኦምን ሞያኦምን ናብ ህዝቢ ንኸብጽሕዎ ባይታ እንተ ዝረኽቡ ነይሮም መሃርን ብሉጽን ሰርሓት መቕረቡ ነይሮም። ከምኡ እንተ ኾይኑ ድማ እዩ ናይ ሓባር ስራሕ ንዕብየት ኵሉ ሓጋዚ ዝኸውን።

ዳየረይ፡ ከምዚ ክብል ዘበገሰኒ ሓደ ኣዝዩ ባህጊ ጥቡብ ዘለዎ መሳርሕቲ ኣለኒ። እንተ'ኾነ፡ ነቲ ንኽሕግዞ ተስፋ ኣንቢርሉ ዝነበረ ሰብ ባህግታቱን ተስፍኡን ዘማህምን ግብረ-መልሲ ኣብ ቅድመይ ስለ ዝሃቦ እየ። ዝዓቢ ቈልዓ ኣይትበድል እዩ ነገሩ።

NA2 ወዲ ትኩእ ሳን 78

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ግድል እተን መካይን

'ጎልደን ኢግል ዶድጅ 330'፦ ኣብ 1964 ኣብ ኣመሪካ ዝነበረት 'ጎልደን ኢግል ዶድጅ 330' ዝተባህለት መኪና ኣብታ ሃገር ካብ ዝነበራ መካይን 'እታ ዝሸፍኣት መኪና' ተባሂላ እትጽዋዕ እያ። እዛ መኪና'ዚኣ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ሰባት ሓደጋ ትፍጽም ነበረት። መጀመርታ ክትግዝእ ከላ ንፖሊስ ተባሂላ እያ ተገዚኣ እንተኾነ ሓንቲ ስድራ ስለ ዝፈትዉዋ ዓደግዋ። ምስ'ዙም ቀዳሞት ወነንታ ከላ ዝኾነ ሕማቕ ነገር ኣየጋጠመን።

ቀንዲ ዛንታ ናይ'ዛ መኪና ኣብ 1930 እዩ ዝጀምር፡ ሓደ ኣብ ሎንደን ዝቕመጥ ሰብኣይ፡ ለይቲ ዝኾነ ምንቅስቓስ ተሸርካርኪ ኣብ ዘይነበሮ ጽርግያ እናዘወረ ከሎ በዚ መጺኣ ዘይብላ ቀያሕ ኣውቶቡስ ብቐድሚኡ ክትመጽእ ጀመረት፡ ካብኣ ንኽሃድም ድማ ምስ ገረብ ተጋጨወ። ፖሊስ ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሑ ነታ ኣውቶቡስ ክረኽብዋ ኣይከኣሉን።

ድሕሪ'ዚ ናብ ጀርመናውያን ስድራ ምስ ተሸጠት እቲ ሕማቕ ፍጻመታት እዛ መኪና ደው ኣይበለን። እዞም ጀርመናውያን ኑቲ ብዘዕባ ጎልደን ኢግል ዝበሃል ዝነበረ ሓቅነት ዘይብሉን ኣብኦም ድማ ከም ዘጋጥምን ብምዝራብ እየም ነዛ መኪና ወሲኖሞ። እንተኾነ ነዊሕ ከይጸንሑ፡ ምስ ሓንቲ ዓባይ ናይ ጽዕነት መኪና ተጋጪዮም ሞቱ። ኣብ ሓጺር ግዜ ቁጽሪ ብሰንኪ መኪና ጎልደን ኢግል ናይ ዝሞቱ ሰባት 14 በጽሐ። ቀጺላ ሓንቲ ጉጅለ ቤት ክርስትያን ወሲዳ፡ ኣማውታኦም'ውን ሕማቕ ነበረ።

ሓደ ግዜ ነዛ መኪና ዝገዝኣታ ሰበይቲ'ውን፡ እታ መኪና ጽብቕቲ ከም ዝኾነት፡ እንተኾነ ሓደ መዓልቲ እናዘወረት እንከላ ማዕጾ ባዕሉ ተኸፊቱ ተበርቀቐ ከም ዝኸደ ትገልጽ።

ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ብሰንኪ ጎልድ ኢግል ዘጋጥም ዝነበረ ሓደጋታትን ሞትን እናወሰኸ ከደ። ኣብ ዝቐጸለ ሽዱሽተ ዓመታት ብሰንኪ እዛ መኪና ዘጋጥም ዝነበረ ሓደጋታት መብዛሕትኡ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓትን ተመሳሳሊ ጽርግያን ነበረ። ኣብ 90ታት ኑቲ ሓደጋ ዘጋጥመሉ ዝነበረ ጽርግያ ብምዕጻው ብብዝሒ ዓንዲ መብራህትታት ከም ዝትከሎ ተገይሩ እዩ።

• 'ኮርድ 810 ዎርቸስተር'፦ ኣብ 1935 ሰሬተር ሁይ ሎንግ ካብ ትካል 'ኮርድ ኣውቶሞቢል ኮርፖረሽን' ሓንቲ ተራ መኪና - ዳሕረዋይ ሸነኻ ፍልይ ዝበለ ቅርጺ ዘለዋ፡ ቀድሚታ ድማ ካብተን ተራ ሞዴል መካይን ቀሩብ ብርኽ ዝበለት ክትሰርሓሉ ኣዘዘ። ብዘይካ'ዚ፡ ሼትሮኣ ጥይት ዘየሕልፍ ክኸውን ጠለበ። እዚ መግበሪኡ ምኽንያት፡ ኣመሓዳሪ ብምንባሩ ካብ ተጻረርቱ ንምክልኻል እዩ። ምስ ሓንቲ ጉጅለ ተቓወምቲ ክሰርሕ ተላቲቱ ኣሉታዊ መልሲ ሂቡ ብምንባሩ፡ ሓደ መዓልቲ ክቐትልዎ ከም ዝኽእሉ ይሓስብ ነበረ። ጥርጣረኡ ቅኑዕ እዩ ነይሩ፡ ሁይ ሎንግ ኣብ 10 መስከረም ብመኪንኡ እናተጓዕዘ ከሎ ካብ ተጻረርቱ ብዝተተኮሰሉ ጥይት ሞተ። እታ ብፍሉይ ክትሰርሓሉ ዝኣዘዛ መኪና ድማ ጥይት ዝከላኸል ሼትሮ ከም ዘይተገጥመላ ተፈልጠ።

ድሕሪ ሞቱ፡ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ሃገሩ ኣብ ግዜ ካልኣይ ኩናት ዓለም ተጠቒሞሙላ። ድሕሪ'ዚ ሰበይቱ ን20 ዓመታት ኣብ ጋራጅ ኣቐመጠታ። ድሕሪ 30 ዓመታት ግና፡ ብ15 ሽሕ ዶላር ተሸይጣ ዘድሊ ጽገናታት ምስ ተገበረላ፡ ሕነ ዋናኣ ትፈዲ ዘላ ክትመስል ብዙሕ ሓደጋታት ከተውርድ ጀመረት። ኩሎም ዝገዝኡዋ ሰባት ብዙሕ ሓደጋታት ተሰዕቢሎም ብምንባራ ክሸጡዋ ይግደዱ ነበሩ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኩሉ ንብረታ ፋሕ ኢሉ ተቐሚጣ ትርከብ።



## ዝዓበየ ባህላዊ ጽልዋ ዘለወን ሃገራት

1. ኢጣልያ፦ እዛ ኣብ ማእከል ደቡብ ኤውሮጳ ትርከብ ሃገር፡ ብዘለዋ ስነ ጥበብ ፍልጥቲ እያ። ኣብታ ሃገር ዝተገብረ መጽናዕትታት ከም ዘሕብሮ፡ ዓመታዊ 40 ሚልዮን በጻሕቲ ናብታ ሃገር ይመጽኡ። ኣብዛ ሃገር ዝርከብ ታሪኻዊ ቦታን ስነ ህንጻዊ ኣሰራርሓን ሓደ ካብቶም መስሕብ ቱሪስት ዝኾኑ እዩ። ዓለም ለኻዊ ተፈላጥነት ዝረኸቡ ቀባእቲ ከም ብዓል ሊዮናርዶ ዳቪንቺን ቦቲሰሊ'ውን ደቂ'ዛ ሃገር ብምዃኖምን ስርሓቶም ኣብዛ ሃገር ስለ ዝርከበን ተወሳኺ መስሕብ እዩ። ካልእ ኣብዛ ሃገር ዝርከበን ሰላቢኑት ዝፈጥርን ነገር ኣከሻሽና መግቦም እዩ። ኢጣልያውያን ከሸንቲ ብዙዓልውዎ ጣዕሚ መግቢ ኣብ ዓለም ምስ ቀዳሞት ከም ዝሰርዑ ይንገር።

2. ፈረንሳ፦ እዛ ጥንታዊት ሃገር ብመግቢ፡ ስነ ጥበብ፡ ቋንቋን ኣቀማምጣኣን ፍልጥቲ እያ። ብዘለዋ ባህላዊ ጽልዋ ድማ፡ ካብ ዓለም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትርከብ። ፈረንሳዊት ከተማ ፓሪስ 'ከተማ ፍቕሪ' ተባሂላ እያ ትፍለጥ። ፈረንሳ ብእትውንኖም ዘመናውያን ገዛውቲ ሰምይቲ ክትከውን ክኢላ እያ። 'ፋሽንሾው' ዝብል ልሙድ ቃል ፈረንሳ እዩ። ስለዚ እዩ ድማ፡ ፈረንሳውያን ሞዴላት ክንዮ ሃገሮን ስመን ብደረጃ ዓለም ዝኸይ ንርእዮ። ፈረንሳውያን ትሑታት፡ ንዝኾነ ሰብ ምዉቕ ሰላምታ ዝልግሱን ኣብ ሰዓት ቆጸራኦም እሙናትን እዮም።

3. ስጳኛ፦ ብዘለዋ ባህላዊ ጽልዋ ሳልሳይ ደረጃ፡ ብብዝሒ ቁጽሪ በጻሕቲ ድማ ካብ ዓለም ራብዓይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ። ዓመታዊ 58 ሚልዮን በጻሕቲ ናብ ስጳኛ ይውሕዙ። ኣብ'ዛ ሃገር ዘሎ ፍሉይነት ዘለዎ፡ ፈስቲቫላትን ጽምብላትን እዩ። ኩሎም ጽምብላት ድማ ብውዕውዕ ስምዒትን ወኒን ህዝባ ይጽምበሉ። ናብ'ዛ ሃገር ዝመጽእ ወጻእተኛ በጺሑ ብፈስቲቫላት ስጳኛ ምስ ተማሰጠ እዩ። ፈስቲቫል 'ኮሚደረ' ኩሉ ሰብ ኣብ ጎደና ብምውጻእ ብኮሚደረ ዝተሃራረመሉ ጽምብል ኮይኑ ሓደ ካብቲ መሳጥን ደስ ዘብልን ጽምብል እዩ።

4. ኣመሪካ፦ ብብዝሒ ህዝባ 3.3 ቢልዮን ኮይኑ ብፖለቲካ፡ ቴክኖሎጂ፡ ቍጠባን ንግድን ዓብላሊት ኮይና ዘላ ሃገር እያ። ብዘለዋ ባህላዊ ጽልዋ ድማ፡ ካብ ዓለም ኣብ ራብዓይ ደረጃ ትርከብ። ሕውስዋስ ናይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት፡ ዜጋታትን ዓሌትን ዝኾኑት ኣመሪካ ማእከል መራኸቢ ብዙሓንን ፊልም ኢንዱስትሪን ኮይና ትርከብ። ኣብ'ዛ ሃገር ብሰንኪ ስራሕን ካልእ ጉዳያትን ጸሙድ ምኳን 'ኣብ መገዲ እናኸድካ ምብላዕ' ልሙድ ተርእዮ እዩ። እዚ ድማ፡ ነዚ ሎሚ ኣብ ኩለን ሃገራትን ቦታታን ዓለም ልሙድ ኮይኑ ዘሎ ድሉው መግቢ ምድላው ምኽንያት ዝኾነ እዩ።

5. ህንዲ፦ መብዛሕትኡ ግዜ ኣርእስታት ጥንታውያን ዛንታታትን ሃይማኖትን ኣብ ዝለዓለሉ፡ ስም ህንዲ ክለዓል ግድን እዩ። ህንዲ ኣብ ደቡባዊ - ምብራቕ ኤስያ ትርከብ ሃገር ኮይና ብብዝሒ ኣምልኾ ጣኦትን ባህላውያን ምርኢታትን ዝረኣየላ እያ። ብደረጃ ዓለም፡ ህንዳውያን ኣብ ብዙሕ መዳያት፡ ካብቶም ባህሎም ዓቂቦም ዝኸዱ ዘለዉ ኣህዛብ እዮም። ኣብ ህንዲ፡ ካብ ክፉኣት መናፍስቲ ንምግልጋል ንገለ ዝተወሰነ መዓልታት ጸይምካ ምቕናይ ልሙድ ተርእዮ እዩ።

6. ዓዲ እንግሊዝ፦ ብዘለዋ ባህላዊ ጽልዋ ሓሙሻይ ተርታ ሒዛ ትርከብ፡ ዜጋታት ዓዲ እንግሊዝ ብዘለዎም ፈጠራውነትን ናይ ለውጢ ተበግሶን ኩሉ ግዜ ከም ዝምክሑ ይግለጽ። ዓዲ እንግሊዝ ንዓለም ካብ ዘበርከተቶ ዝዓበየ ነገር እቲ መበቆሉ ናታ ዝኾነ ቋንቋ እንግሊዝ ንዓለም ምልቃሓ እዩ። ሎሚ ልዕሊ ክልተ ቢልዮን ተዛራቢቲ ቋንቋ እንግሊዝ ኣለዉ። ኣብ ብዙሕ መዳያት'ውን ከም ወግዓዊ ቋንቋ ኮይኑ የገልግል ኣሎ። ብዘይካ'ዚ እዛ ሃገር ኣብ ስነ ጥበብ ከም ኦርኬስትራ፡ ቲያትር፡ መራኸቢ ብዙሃንን ቴክኖሎጅን ፍሉይ መደብ እያ ተኻይዳ።

7. ግሪኽ፦ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ትርከብ ሃገረ ግሪኽ፡ ሃብታም ታሪኽ ከም ዘለዋ ኩላትና ንፈልጦ እዩ። ፍልስፍና፡ ስነ ፍልጠት፡ ስነ ጥበብን ፖለቲካን መሰረቱ ኣብዛ ሃገር እዩ። ግሪኽ ብ150 ኣናተን ምሕደራ ዝነበረን ግን ከኣ ሓደ ዓይነት ባህሊ ዝነበረን ከተማታት ዝቖመት እያ። ዝጠንተዉ ኣብ ከውሒ ዝተወቐሩ ጽሑፋት'ውን መሰረቶም ኣብዛ ሃገር እዩ።

## ሓቀኛ መንነት ንጉስ ኣርቱር

ኣብ 13 ዘመን፡ ሓደ ግዜ ኣርል ኮርንዋል ምስ ሓዉ ንጉስ ሄንሪን ሰዓብቶምን ብምዃን ኑቲ ዝለዓለ ንጉስ ኢሎም ዝሓስብዎ ንጉስ ኣርቱር ግብሪ ክኸፍሉን ብስሙ በዓል ክገብሩን ተኣኪቦም ነበሩ።

'ንጉስ ኣርቱር' ትብል ፊልም ምስ ተዘርገሐት፡ ብዙሕ ሰብ ንጉስ ኣርቱር ህያው ከም ዝኾነ እዩ ክኣምን ጀሚሩ። ኣርቱር ኣብ ንእሱ ዕድመኡ ኣንጻር ሓወቦኡ ይለዓል እሞ፡ ሴፍ ካብ ትሕቲ እምኒ ብምውጻእን ዘውዲ ንጉስ ብምውሳድን ሓቀኛ ንጉስ ከም ዝኾነ የርኢ - ገለ ካብ ትሕዝቶ እታ ፊልም እዩ። እዚ ብተደጋጋሚ ዝንገር ዛንታ እዩ፡ ግዳ መበቆል እዚ ዛንታ ካበይ እዩ?

ካብ ቀደም ኣትሒዙ ብዙሕ ሰቡ ንጉስ ኣርቱር ሓቀኛ ሰብ ከም ዝኾነ እዩ ዝኣምኑ። ተመራመርቲ ታሪኽ ግን ንጉስ ኣርቱር ዝበሃል ሰብ ከምዘይነበረ እዮም ዝገልጹ፡ እዚ፡ ካብ ሓደ ኣብ ሓሙሻይ ወይ ሻዱሻይ ዘመን ዝነበሩ ንጉሳት ዝተዋጽአ ገጸ ባህሪ እዩ ድማ ይብሉ።

ኖሪስ ላሲ - ፕረዚደንት ማሕበረሰብ ኣርቱርያን ከምዚ ይብል፡ "ንጉስ ኣርቱር ናይ ብሉቒ ንጉስ ብሪጣንያ እንተ ነይሩ፡ ወተሃደራዊ መራሒ ብምዃን ኑቶም ንብሪጣንያ ክወሩ ዝመጽኡ ኣንግሎ-ሳክሶን ተዋጊኡዎም ነይሩ ማለት እዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ እዛ ሃገር ማእከላይ መንግስቲ ስለ ዘይነበራ ብውግእ ሓድሕድ ተሓሚሳ ነበረት። ስለዚ ኩሎም መራሕቲ ብቐለሉ ክጥቅዕሉን ክከላኸሉሉን ዝኽእሉ ጉጅለታት ይመርጹ ነይሮም። ኑቶም ብኩናት ዝተሸገሩ ህዝቢ፡ ህይወት ቀሊል ኣይነበረትን። ስለዚ ሰባት፡ ንህዝቡ ካብ ጸላኢ ብምክልኻል ሰላምን ሃብትን ዘምጽእ ዛንታ ናይ ሓደ ጅግና ንጉስ ክፈጥሩ ምርኣይ ኣይገርምን እዩ።"

ክሳብ 12 ዘመን ታሪኽ ህይወት ንጉስ ኣርቱር ምሉእ ኣይነበረን። ኣብ 1136 ግና ታሪኹ ብኸፍረይ ሞንግሞውዝ ዝተባህለ ተመራማሪ ታሪኽ ብቛንቛ ላቲን ተጻሒፉ። ኣብ 15 ዘመን ድማ ኣብተን ቋንቋ እንግሊዝ ዝዛረባ ሃገራት ዛንታ ንጉስ ኣርቱር ኣገዳሲ ግሉን ኮነ። ነዚ ንጉስ ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ግጥምታትን ጽሑፋትን ድማ ክወሰኹ ጀመሩ።

ወላ'ኳ ምስ ግዜ እዚ ታሪኽ'ዚ እናሃሰሰ እንተኸደ፡ ዝበዝሕ ህዝቢ ኤውሮጳ ግና፡ ንጉስ ኣርቱር ሓደ ተራ ገጸ ባህሪ ናይ ፊልምታትን ጽሑፋትን ዘይኮነ ከም ሓደ ጅግናን ተባዕን ንህዝቡ ድማ ካብ ወረርትን ግዝኣትን ዝከላኸል ዝነበረ ንጉስ እዩ ምሉእ ዝሓስብዎ።



# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

19 ክፋል

## ነጥበ መቐይሮ

> *“ሓዳር ክትገብር እንተ ኾንኩ ካብ ክብርታት ሓራ ክትኸውን ከቶ ኣይትኽእልን ኢኻ።” - **ኣል ጎር***
>
> *“ክብርታት ልክዕ ከም ኣጻብዕቲ ኣእዳውና እዮም። ናይ ነፍሲ ወከፍና ዝተፈላለዩ እዮም። የግዳስ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና፡ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓስና ነተግብሮም ኢና።” - **ኤልቪስ ፕረስሊ***

ንመብዛሕትና ከፈላውያን ክብርታት ኣለዉና። እዚኣም ምሉኣት ክብርታት ንምኳን ኣብ ማስርሕ ዝርከቡ እዮም። እዚም ከፈላውያን ክብርታት ወይ መሐበሪ ክብርታት ዝበሃሉ ንብህግታት፡ ዘይተተግበሩ ሓሳባት፡ ርእይቶታት፡ ተጉዳስታት፡ ድሌታት፡ ሸቶታት፡ እምነታት፡ ኣረኣእያታት፡ ስምዒታት፡ ርድኢታት፡ ንጥፈታትን ሕልሚ ቅትርን የጠቓልሉ።

ንኣብነት፡ ገለ ሸቶ ከም ዘለካ ክትገልጽ ትኽእል። የግዳስ ናብኡ ንኽትበጽሕ ዝኾኑ ዝዋጸኡ ኣይህልዉን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ጸወታ ቼዝ ክትማሃር ባህጊ ከም ዘለካ ክትገልጽ ትኽእል። እንተኾነ ግን ባህግኻ ንምጭባጥ ዝኾነ ግዜ ኣየወፈኻሉን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ዝኾነ ይኹን ምዕባለ ክትመዝግብ ዝከኣል ኣይኮነን።

ንገዛእናን ግዜናን ብኸመይ ንጥቀመሉ፡ ዝሓየለ መሐበሪ ክብርና ምኻኑ ድሮ ጠቒሰናዮ ኣለና። ንኣብነት፡ የሃንስ ንኣጉዳስቶት ንንባብ ልዑል ክብሪ ከም ዝህቦ ይዛረብ እሺ ንበል። የግዳስ ኣብ ሰሙን ንንባብ ክንደይ ሰዓታት ከም ዘወፍየሉ ወይ እታ ንመጠረሸታ ግዜ ዘንበቦ መጽሓፍ ኣየናይቲ ምኳና እንተ ሓቲትካዮ፡ ከም ዘይዝክራ ክንገርካ እንከሎ፡ ምሕረር ክድንጽወካ ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ኢቶም ንፋዓት ኣንበብቲ መጽሓፍቲ፡ ዝዘንበቦምም መጽሓፍቲ ቀልጢፎም ኣይረስዕዎምን እዮም።



ንሓይሊ ክብሪ እትውሰኸሉ ዝቐለለ ማስርሕ፡ ነቲ ሰብ ወይ ስድራኡ ብኸመይ ገዚኦም ከም ዝጥቀምሉ ምሕታት እዩ፡ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ኣብ ሓደ ነገር ገዚኦም ዝያዳ ብዝሀለኹዎ መጠን እቲ ነገር ንዕኦም ዝያዳ ክብሪ ከም ዘለዎ ንኽንፈልጥ የኽእለና።

ንሓቀኛ ክብርታትና ክንፈልጥ እንተ ደሊና እምበኣር፡ ንሓቀኛ ባህርያትና ማለት ንገዛእናና፡ ግዜና፡ ጸዓትናን ጺጋታትናን ብኸመይ ነውፍሮም ምጽናዕ ኣገዳሲ እዩ። ከም ውጽኢቱ፡ ምእንቲ ንሓቀኛ ክብርታትካ ዝያዳ ክትፈልጦም ነዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ፈተናታት ኣብ ምትእስሳር ክብርታትካ ኣተግብሮም፡

1. ፈተና ምርጫ፦ ኣብ ምርጫታት ዘለዎ ኩነታት ኣነ እንታይ እየ ዝገብር?
2. ፈተና ግዜ፦ ኣብቲ ክብረይ ክንደይ ግዜን ጸዓትን ክህልኽ ድልውነት ኣለኒ።
3. መስዋእታዊ ፈተና (The sacrificial test)፦ ንስለ ኽብረይ ክበል ካብ ክንደይ ዕግበተይ ክሕረም ፍቓደኛ እየ።
4. ፈተና ስምዒት፦ ኣብ ክብረይ ክጸንዕ እንከለኹ ወይ ንኽብረይ ክጥሕስ እንከለኹ፡ ክንደይ ዕግበት ወይ ቅሬታ ይስመዓኒ።

ኣብዚ እቲ ቐንዲ ኣገዳሲ ጉዳይ ክትዝክሮ ዝግባእ፡ ብመሰረት ክብርካ ኣብቲ እትኣምነሉ ክትጸንዕ ከም ዝግባእ እዩ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ መንጎ 'እቲ ክውንነት' ከምኡ እውን 'ክኸውን ዝግበኦ' ሳዕልን ታሕትን ክትብል መሀንኻ ክጠፍኣካ እዩ። ሓቀኛ ክብርታት ክትሃንጽ እንተ ደሊኻ እምበኣር፡ ነቲ ክውንነትን ክኸውን ዝግበኦን ሚዛን ክተትሕዞም ኣሎካ።

ካብቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ዝኸበረ ክብሪ ኣብ ኣእምሮና እተቐርጸ ወይ ሓቀኛ ክኸውን ይኽእል። ብዙሓት ውልቀ ሰባት ኣብ ኣእምሮኦም ዝቐረጽዎም ክብርታት ኣለውዎም። የግዳስ ኣብ ግብሪ ንኽውዕልዎም ኣይጠበሱን እዮም። ግብራውያን ወይ ሓቀኛታት ክብርታት እቶም ኣብ ዕለታዊ ህይወትና እንሰርሓሎም እዮም።

ኣብ መንጎ ቅርጺ ክብርናን ድርኺትናን ቀጥታዊ ዝምድና ኣሎ። ነቲ ክብሪ እንህቦ ብዓውት ንኽንዝክሮ ንድርኽ ኢና። እዚ ማለት ኩሉ ነቲ ብኣፍና ከም ክብሪ እንገልጾ ግደን ድርኺት ይፈጥረልና ከስምዕ የብሉን። ብዙሓት ተማሃሮ፡ “ንትምህርቲ ኮሌጅ ክብሪ እህቦ እየ።” ክብሉ ይሰምዑ እዮም። ይኹን እምበር፡ ብግብሪ ነቲ ዝበልዎ ኣብ ባይታ ዘንጸባርቑዎ ኩሎም ተማሃሮ ኣይኮኑን። እቲ ጠንቂ ካብ ንትምህርቲ ኮሌጅ ንላዕሊ ንኻልእ ዝያዳ ክብሪ ዝህቡ ተማሃሮ ስለ ዘለዉ እዮም።

ነቶም ብኣፍና እንበሎም ብሓቂ እንኣምነሎም ክብርታት ክንፈልጦም እንተ ደሊና፡ ብደረጃ ቀዳምነታቶም ምስራዕ ከድልየና እዩ። ንኣብነት ሰናይት ንቐዳምነታት ክብርታታ ብኸምዚ ዝስዕብ ክትዘርዝሮም ትኽእል፡

1. ሞያዊ ስርሐይ።
2. ውልቃዊ ዕብየተይን ንቕሓተይን።
3. ስድራ ቤተይ።
4. ዕርኩመሓዛተይ።

ንሰኻኸ ንኽብርታትካ ብኸመይ ዓይነት ቀዳምነታት ምስራዕከዮም። ንኽብርታትካ ብቐዳምነት ምስራዕ ኣብ ስራሕካ ንዘህልወካ ኣድማዕነት ኣዝዩ እዩ ዘዕብዮ። ምስ ሰባት ንዘህልወካ ዝምድና እውን እንተስ ብጸቡቕ እንተስ ብሕማቕ ይጸልዎ እዩ።

## ኮርናዕ ክብርታት

ስለምንታይ እዩ እቲ ኣብ ጉደና እናሸቀጠ ብሸኽሊታ ዝዓደገ ቈልዓ ካብ እቲ ካልእ ብወለዱ ብሸኽሊታ ዝተኸዝኣትሉ ቈልዓ ንላዕሊ ንብሸኽሊታኡ ክብሪ ዝህቦ? ነዚ ሕቶን ካልኦት ተመሳሰልቲ ሕቶታትን ንምምላስ ነዞም ዝስዕቡ ክልተ ሓሳባት በብሓደ ምርኣይ ከድልየና እዩ፦

# ተገንዘቦኣዊ ዘይምስናይ (cognitive dissonance)፦ ተገንዘቦኣዊ ዘይምስናይ እንታይ እዩ? ንኽብርታትና፡ እምነታትናን ኣረኣእያናን ብኸመይ ይጸልዎ? ኩላትና ኣብ ገዛእ ርእስና ቀጻልነት ዘለዎ ርድኢት ንኽህልወና ንደረኽ ኢና። ኣብ ንቡር ኩነታት ነቶም ጉደለታትን ዘይሳዀን ክብርታት እምነታት ወይ ኣረኣእያታት ኣብ ውሽጥና ክንሕዞም ኣይንደልን ኢና። ኣንጻር ክብርታትና ወይ ኣረኣእያና ዝኾኑ ባህርያት ኣይነንጸባርቕን ኢና። ክልስ ሓሳብ ተገንዘቦኣዊ ዘይምስናይ እምበኣር፡ ቀጻልነት ክብርታት ዘይምህላው ዝጠዝዝ ሰብ ክጻወሮም ከም ዘይክእል እዩ ዝትንትኖ።

ብመሰረት እዚ ክልስ ሓሳብ፡ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ተገንዘቦታት ከም እምነታት፡ ርእይቶታት ከምኡ እውን ብዙሓ ብርክት ዝበሉ ዝተፈላለዩ ባህርያት፡ ሰባት፡ ነገራት ወይ ኩነታት እንፈልጦም ነገራት ምቅዳው ክኣብዩና እንከለው፡ ወጥሪ ክኸስት ግድን ይኸውን። ከም ውጽኢቱ እዚ ዘይምስምማዕ ነቲ ሰብ ዝዓም ግብራታት ክሳዕ ይደርኾ፡ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ነቲ ወጥሪ የህድኦ።

# ቃንዛ ኣእምሮ ናይ ዘይምቅዳው (The Mental Pain Of Inconsistency)፦ ኣብ መንጎ ኣረኣእያታትን ባህርያትን ዘይምቅዳው ክኸሰት እንከሎ፡ እቲ ውልቀ ሰብ ኣብ ክንዲ ንባህርኡ ንኣረኣእያኡ ከመሓይሽ ይፍትን ይኸውን።

እዚ ንምብራህ ሓደ ኣትካኺ ሽጋራ ብዙሓ ሓደገኛነት ምትካኽ ሽጋራ ኣብ ጥዕናኡ ተሰቂርዎ ኣሎ እሺ ንበል። የግዳስ ምትካኽ ሽጋራ ቀጺሉዎ። እዚ ሰብ ብኽልተ ዘይቃደዉ ተገንዘቦታት ተቐርቂሩ ኣሎ - “ሽጋራ ምትካኽ የኽይሪኒ እዩ።” ከምኡ እውን “ሽጋራ ምትካኽ ሓደገኛ እዩ።”


ብመሰረት ክልስ ሓሳብ ዘይቅድወት፡ እዚ ሰብ ሽጋራ ከቋርጽ ኣለዎ ወይ ብዙሓ ሓደገኛነት ሽጋራ ዘለዎ ኣረኣእያ ክቕይር ኣለዎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቲ ውልቀ ሰብ ካብ እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ንሓዲኦም ክገልጽ እዩ፦

- “ሽጋራ ምትካኽ የኽይሪኒ እዩ። ይግብኣኒ ድማ እዩ።”
- “ኣብ ስድራና ብሕማም መንሽሮ እተጠቕዐ የብልናን።”
- “ሓደ ሰብ ወትሩ ንኺጋጥምዎ ዝኽእሉ ሓደጋታት እናወገደ ዘሐጉስ ህይወት ከስተማቕር ኣይክእልን እዩ።”
- “ሽጋራ ምትካኽ እንተ ኣቋሪጸ ዘይተኣደነ ክብደት ሰብነት ክወስኽ እየ። እዚ ኸኣ ማዕረ ምትካኽ ሽጋራ ንጥዕና ሓደገኛ እዩ።”

ሊዮን ፌስቲንገር እተባህለ ሊቕ ናይ እዚ ዓውዲ፡ “ሽጋራ ምትካኽ ምቁጻል፡ ምስ እቲ ሰብ ኣብ ሽጋራ ዘለዎ ርድኢት እተሳነየ እዩ።” ይብል።

ሸሕ እኳ እቲ ኣትካኺ ሽጋራ ምትካኽ ከቋርጽ ከም ዘደሊ ብኣፉ እንተ ተዛረበ፡ ንዘረባኡ ኣብ ተግባር ዘይምውዓሉ ምስ ባህርያቱ ዘይሳነ ምኳኑ እዩ ዘርኣየልና። ኣብ እዚ እቲ ወጥሪ እናሃደአ ይመጽእ ማለት እዩ። የግዳስ እቲ ውልቀ ሰብ ናብ ሓቀኛ ባህሪኡ እንደገና ተመሊሱ፡ ብትብዓት ሽጋራ ምትካኽ ከቋርጽ እዩ ዝግብኦ።

# ምምሳኾር መስዋእቲ፦ እቲ ብሸኽሊታ ንኽኸዝእ ኣብ ሸቐጥ እተዋፈረ ቈልዓ፡ ብሸኽሊታ ክሳብ ዝኸዝእ ሓያል ጻዕሪ የካይድ። እቲ ቈልዓ ሓያል ጻዕሪ ምስ ኣካየደ፡ ስለምንታይ ከም ዝጻዓረ ቅኑዕነቱ ከረጋግጽ ይፍትን። ከም ውጽኢቱ ኣብ ብሸኽሊታኡ ሕልፍ ዝበለ ፍቕሪ የሕድር።



ኣብ ቤት ትምህርቲ ነቲ ሓያል ጻዕሪ ኣካይድና ዝተዓወትናሉ ዓውደ ትምህርቲ ካብ እቲ ብቐሊሉ እተዓወትናሉ ዓይነት ትምህርቲ ዝያዳ ክብሪ ንህቦ። ካብ እዚም ኣብነታት ተበጊስና፡ ነቶም ድፋዕግና ዝስተናለም ዝያዳ ክብሪ ከም እንህቦም ክንግንዘብ ንኽእል።

ገለ ካብ እቶም ኣብ ክብርታት ዘጋጥሙ ግርጭታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ኣነ ርግኣት ዓርከይን ቀዳሚ ምምርዓውና ኣብ ሓደ ገዛ ክንቅመጥ ይግባእ። እዚ ኣገባብ ኣነን ንሱን ብሓቂ መጋጥምቲ ምኻንና ንኽንፈልጥ ይሕግዘናዶ ይኸውን?
- ሃይማኖት ኣብ ህይወተይ ገለ ትርጉም ንኽህልወኒ ይሕግዘኒዶ? ዋላስ መቐጸልታ ናይ ያታታትን ልምድታትን እዩ?
- ኣነ ብዓልቲ ቤተይን እንተ ተፋቲሕና፡ ስድራይን ዕርኩመሓዛተይን እንታይ ክሓስቡ እዮም? እቲ ምንታይሲ፡ ንሕና ከም ኣብነታውያን ሰብ ሓዳር ኢና እንርኤ።
- ደቀይ ምስ ዓበዩ ትምህርተይዶ ዋላስ ስራሕ ክቕጽል? ዋላስ ከም እዛ ዘለኹዋ ኣብ ገዛይ ኮይነ ንደቀይን ብዓል ቤተይን ኣለይ ማለይ ምግባር ይሕሸኒ?
- እዚ ተቐሪብለይ ዘሎ ዕቤት ስራሕ ተቐቢለ ምስ ስድራይ ዘሕልፎ ዝነበርኩ ግዜ ክጎድኦ ይሕሸኒ ዋላስ ነቲ ዕቤት ነጺገ ብቕዋሚ ምስ ስድራይ ተራኺበ ምሕጋስ?
- ትምህርተይ ኣቋሪጸ ስራሕ ክጅምርዶ ይሕሸኒ? ብድኽነት ምንባር ጸላዕላዕ ኣሊኒ ኣሎ። ጸኒሐ ትምህርተይ ክቕጽል እኽእል እየ።
- ሓዳስ ማኪናዶ ክገዝእ ዋላስ ገንዘበይ ክዕቅብ?
- ከም እዞም ብስራሖም ዘማርሩ ከይኸውን እንታይ ዓይነት ሞያ ክመርጽ?
- ወላዲ ምኻን የፍርሓኒ እዩ፡ ቈልዑ ክወልድ ኣሎኒ ደዩ?

ካብ እዞም ምስ ክብሪ እተኣሳሰሩ ግርጭታታት ጸገም ዝፈጠሩልካ ኣየኖት እዮም? በብሓደ ዘርዚርካ ክትርእዮም ፈትን። ኣብ መወዳእታ ብኸመይ ኣገባብ ክትፈትሖም ከም ዘለካ ቅድም ቀዳድም ምስ ገዛእ ርእስኻ ተዛተ። ተሃንዲድካ እትወስዶ ስጉምቲ ናብ ክትመልሶ ዘይትኽእል ጣዕሳ ክሸምመካ ይኽእል እዩ።

> *“ክብርታት ክበዝሓ እንከለው፡ እቲ ሰብ ነቲ ዝገብሮ ነገር ርትዓውነት ንምልባስ ዝጥቀመሉ እዩ።” - **ማክስ ዌ***
>
> *“ናብ ቅድሚት ገጽካ ክትምርሽ እንከለኻ ንጹር ዕላማ ክሕብረኻ እዩ። ክብርታት ንባህርያትካ ይመርሕዎ፡ ሸቶታት ድማ ኣብ ጸዓትካ የድህብ።” - **ከት ብላንቻርድ***

**ይቕጽል**

# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

## ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ

3ይ ክፋል

*ታሪኽ ግፍዒታት ጎዚእቲ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቕጻር ዘይኮነ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኢጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕን ገበንን ብጸምቒ ዝበለ ንኣንበብቲ ተቐርብ።*

*እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናደአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ዘስፈረቶ ብሰሎሙን በርሀ እተዳለወ ጽሑፍ ኮይኑ፡ ንኣሽቱ ምትዕርራያት ተገይሩሉ ከምዝሎ ንሕብር። መጽሓፍ "ግፍዒ"፡ ኻብዚ ደራሲ ተስፋይ ገብርኣብ "ጃንሆይና ደርግ" ብዝብል ኣርእስቲ ናብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ዝተርጎሞ፡ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ፍርያት ኣሕተምቲ ሕድሪ እያ።*

ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ፌደረሽን ኣፍሪሱ፡ ንኤርትራ ኣካል ግዝኣቱ ክገብራ ኣብ ዝቀራረበሉ ዝነበረ እዋን፡ ምፍራስ ፌደረሽን፡ ብድሌት ህዝቢ ኤርትራ ከምእተፈጸመ ንምምሳል፡ ዕግርግር ኣብ ዘይብሉ ርጉእ ፖለቲካዊ ሃዋህው ክፍጽሞ'ሉ'ዩ ዝደሊ ነይሩ። ነቲ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ኸኣ ብውልዶኡ ንምቕጻይ ከኣ፡ ንጠፍ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ኣብ ርእሲ ምኽያድ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ደቆም ናብ ቃልሲ ዝተጸንበሩ ስድራቤታት ኮነ 'ንተጋደልቲ ይድግፉ እዮም' ኢሉም ዝጠርጠሮም ዜጋታት ዝተፈላለየ ስጉምቲታት ይወስዱ ነበሩ። ይኹን'ምበር፡ በዚ ናይ ሓይሊን ምፍርራሕን ስጉምቲታት'ዚ ነቲ ሓንሳብ ዝተወልዐ ባርዕ ሰውራ ከቕህምዎ ኣይከኣሉን። እኳ ድኣ እናገዛሪ ይኸይድ ብምንባሩ ንኻቕሎት ሰበስልጣን ኢትዮጵያ መመለሱ የዕርገ ነበረ።

እዚ ስጉኣት'ዚ ኣብቲ ንጉስ ሃይለስላሰ ብ27 ሰነ 1962፡ ኣብ ኣስመራ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣመሓደርቲ፡ ታሕተዎት ሓለፍቲ ትካላት መንግስቲ፡ ሓለፍቲ ፖሊስን ሰራዊትን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ቀቢላታትን ዓበይቲ ዓዲን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣኼባ ዘሰምዖ መደረ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ቃና ኣንጸባሪቕዎ፡

*"…ህዝቢ ኤርትራ ንጸጽንቱ ብዓዘቢ ዝተቓለሰ ህዝቢ እዩ። ጸላኢ ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረረሉ ግዜ ብዙሓት ኤርትራውያን ካብ ጣልያን ሃዲሞም ኣብ ጎኖ ኮይኖም ንሽውዓተ ዓመታት (1935-1941) ምስ ጀጋኑ ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቶም ኣንጻር ጸላኢ እናተዋግኡ፡ ኢትዮጵያውነቶም ኣማሰከርም እዮም። . . ኤርትራ ናብ ኣዲኣ ኢትዮጵያ ክትምለስ ኣብ ዝተኻየደ ጻዕሪ እውን ኢትዮጵያውነት ናይ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ውሕሃ ብምጽንባራቕ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም. . . እዚ ዘኸርዕ ተግባር ሕጂ እውን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ከምዘሎ እኣምን እዩ። እንተኾነ ኣዝዮም ብቑጽሪ ውሑዳት ዝኾኑ ሰባትን ናይ ደገ ልኡኻትን ኣብ ወሽጥና ኣለዉ… እቲ ኩነታት ካብ ሎሚ ጸግሕ ክመሓየሽ'ዩ እናበልና ዓቒሊ ጌርና ክንጸበ ጸኒሕና… እቲ ዘሕዝን ንርቕን ዝሞታን ናይዞም ኣሽበርቲ ገለ ወጸእተኛታት ፖለቲካዊ መልክዕ ክህብዎ ይፍትኑ ምህላዎም እዩ።"*

ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ከሎ ኸኒ ንምቕጻይ ተሃንዲዶም ዝኸደዎ ወተሃደራዊ ወፍርታትን ዳህሳስትን ህዝቢ ምስ ተጋደልቲ ከይተሓብር ዝኸደዎ ታህዲድ፡ ምግሓባሕን ምፍርራሕን ወጽኢት እኳ እንተዘይተረኽቦ፡ ብዘይካ በቲ ሐሆም ዝበሩ ኣንፈት፡ ካብ ሕጋዊ ኣገባብት ወጻኢ ብሓይሊ ፌደረሽን ኣፍሪሶካ ንኤርትራ ምግባጥ ካልእ ኣማራጺ ይርኣዮም ኣይነበረን።

ድሕሪ ክልተ ሰሙን ናይቲ ሃጺይ ሃይለስላሰ ኣብ ኣስመራ ዘካየዶ ኣኼባ፡ እንደራሴ ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሌተናንት ጀነራል ኣቢይ ኣበበ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ኣስፍሃ ወልደሚካኤልንካልኦት ሓያሎ ሰበስልጣንን ደገፍ ህዝቢ ንምርካብ፡ ኣብቲ ሰውራ ክንቀሳቐሰሉ ዝጀመረ ምዕራባዊ መታሕት ኣኼባታት ንምክያድ ተንቀሳቐሱ። ብ12 ሓምለ 1962 ኣብ ኣቑርደት ኣኼባ እናካየዱ እንከለዉ ድማ፡ ተጋደልቲ ክልተ ናይ ኢድ ቦምባታት ተኩሱሎም። በዚ መጥቃዕቲ'ዚ ሚኒስተር ሕጊን ፍትሒን ፌደራላዊ መንግስቲ ኤርትራ ዑመር ሙሓመድ ሓሰኖ ዝርከብዎም ሸሞንተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ጀነራል ኣቢይ ኣበበ ዝርከቦም 31 ሰባት ቆሰሉ። እዚ ፍጻመ'ዚ ንሰበስልጣን ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዘሰንበደን ዘሸበረን ክስተት ነበረ።


ቀቅድሚ ፌደረሽን ዝነበረ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ሃዋህው እምበኣር ከምዚ ኣቐዲሙ ብሕጽር ዝበለ ዝተገልጸ እዩ። መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል፡ ብ14 ሕዳር 1962 ናይ መወዳእታ ውሳኔ ምፍራስ ፌደረሽን ንኣባላት ባይቶ ኤርትራ ከፍልጥ ኣብ ኣስመራ ኣኼባ ኣብ ዝዳደመሉ፡ ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኽቡ ኣባላት ፓርላማ ይኹኑ፡ ህዝቢ ኣስመራ ተቓውሞኡ ከየስምዕ ስግኣት ስለዝነበረ፡ ብዙሕ ምድላዋት'ዩ ተገይሩሉ። ኣደራሽ ባይቶ ኤርትራ ኣቐዲሙ ብወተሃደራት ከምዝኽበብ ብምግባር ድማ፡ እቲ ኣኼባ ንክበረት ናይቶም ወከልቲ ህዝብን መላእ ህዝቢ ኤርትራን ብዘሕስር ርኢይ ናይ ዓመጽ ኣገባብ'ዩ ተፈጺሙ።

ከምዚ ኢሉ ሃጼ ሃይለስላሰ ነቲ ካዊሕ ዝወጠኖ ንኤርትራ ናይ ምግባጥ ዕላማ፡ ሰፊሕ ሰላማዊን ዕጥቃዊን ተቓውሞ ኣብ ዝተኻየደሉ፡ ዘይምቹእ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ኩነታት ኣተግበሮ። እዚ ቅሉዕ ዓመጽ ድማ ኣብቲ ደሮ ዝተወልዐ ቃልሲ ሰውራ፡ ኑዳዊ ምኽንያት ነበረ።

ድሕሪ ምፍራስ ፌደረሽን ወተሃደራዊ ስርሒታት ሰውራ ዝያዳ ተበራትዐ። ተጋደልቲ፡ ቀጽሮም እናበዝሐ ስለዝኸደ፡ ኣብ ርሑቕ ከበባታት ተደኲኖ ዝነበረ ኾቕጣታት ሓለዋ ብዘተጸንዐ መገዲ ናይ ምጥቃዕን ቃፍላያት ናይ ምዕጋትን ስርሒታቶም ኣጣጠፉ። በዚ ኩነታት'ዚ ስርዓት ሃይለስላሰ ንኤርትራ ቀሲኑ ክገዝኣ ከምዘይክእል ምስ ተገንዘበ፡ እንጀርጀሮት ናይቲ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራቱ ዝፍጸም ዝነበረ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ክወርዶ ጀመረ። ንኣብነት ሓደ ምስጢራዊ ሰድ መንግስቲ ኢትዮጵያ "ዓሳ ብዘይ ማይ ሸፍታ ብዘይ ደገፍ ህዝቢ ክነብር ኣይክእልን" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ምስ ተጋደልቲ ዝተሓበር ህዝቢ ስጉምቲታት ክወሰድ ይሕበር።

በዚ ዕላማዚ፡ ሓይሊ ኮማንደስ ብቐንዱ ብኣመንቲ ክርስትና ክቐውም ተወሰነ። ስርዓት ሃይለስላሰ፡ እቶም ኣብ ከተማታት ዝቕመጡ ክርስትያን እውን ቀረጻትን ይዋጋእ ነበረ። ይኹን'ምበር ሓይሊ ኮማንደስ ብመጠን ህንዳደኡን ዘካይዶ ዝነበረ ሰፊሕ ዳህሳስን ንተጋደልቲ ከዳኽሞ ኣይከኣለን። እኳ ድኣ ናብ ሰውራ ዝስለፉ መንእሰያት እናበዝሑ ስርሒታት ሰውራ ድማ እናዛየደ ይኸይድ ነበረ።

ኣብ መፋርቕ 60ታት፡ ምንቅስቓስ ተጋደልቲ ካብ ምዕራባዊ መታሕት



=15=

ሠ. " ዓሣ ያለ ውሃ ሽፍታ ያለ ሕዝብ ድጋፍ ሊኖር አይችልም "

እንደተባለው በዋና ዋና ከተማ ውስጥ ያሉት ወንበዴዎችን በበኩል

የሚያገሩቸውን ማጥፋት ነው፡፡ እነዚህንም ለማስፈጸም ኃይል —

ሥልጣን — ብር ቶ የሆነ የመረጃ ቁጥጥር ያስፈልጋል፡፡

ገርማዊ ሆይ

## ፖሊሲ ገረብ ብሓኸላ

ሰውራ ኤርትራ፡ ካብ ዝጀምር ኣብ ውሽጢ'ተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ማለት ክሳብ መወዳእታ 1963 ኣብ ሃድን ተጋደልቲ ተዋፊሮም ዝነበሩ ሓይልታት ፖሊስን ፊልድፎርስን እዮም። እዚ ሓይሊ'ዚ ኑዩም ብቑጽሪ ውሑዳት ተጋደልቲ ሓላሊፉ ጉድኣት የውርደሎም እኳ እንተነበረ፡ ከዳኽሞም ግን ኣይከኣለን። በዚ ድማ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ሓገዙ ከወፊ ኣብ ዝተፋላለየ ከባቢታት ክንቀሳቐስ ጀመረ። ምዱብ ሰራዊት ኢትዮጵያ (ጦር ሰራዊት) ንመጀመርታ ግዜ ምስ ተጋደልቲ ውግእ ዝገጠመሉ፡ ኣብ መጋቢት 1964 ኣብ "ተጎርባ" ባርካ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ'ዩ። ካብቲ እዋን'ቲ ጀሚሩ፡ ጦር ሰራዊት ንዳህሳስን ሃድንን ተጋደልቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ብዝበዝሐ ይንቀሳቐስ እኳ እንተነበረ፡ ካብቲ ናይ ፖሊስን ፊልድፎርስን ሃድን ዝተፈልየ ወጽኢት ክምጽእ ግን ኣይከኣለን።

ድሕሪ'ዚ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ ካልእ ሜላ ኣብ ምህንዳስ ኣተወ። እቲ ሜላ "ገረብ ብሓኸላ" ነበረ። ኣብቲ ፈለማ ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከፋፊሉ ንምግዛእ፡ ሰውራ ኤርትራ ብኣዕራብ ከም ዝድገፍ ጸረ ክርስትያን ምንቅስቓስ ኣምሲሉ ብምግላጽ፡ ንኤርትራውያን እስላም ከም ጸረ-ክርስትያናዊት ኢትዮጵያ፡ ብኣንጻሩ ንኤርትራውያን ክርስትያን ከም ፈተውቲ ኢትዮጵያ ዘምስል ዘመተታት ብምኽያድ ግፍዓዊ ተግባራቱ ዝያዳ ናብ እስላም ዝቐንዐ ነበረ። በዚ ድማ ካብ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ብኣካላዊ ብቑዓትዮም ዝተመርጹ መንእሰያት ብጸረ-ደባይ ኩናት ብምስልጣን፡ ንተጋደልቲ ኣብ ዝኣተውዎ እናኣተወ ዝድምስስ ሓይሊ ከቐውም ወሰነ። ዕላማ ምቛም ናይዚ ኮማንደስ ዝተሰምየ ሓይሊ'ዚ፡

1) ነቲ ኣንጻር መግዛእቲ ዝተላዕለ ቃልሲ ሃይማኖታዊ መልክዕ ንምልባስ፡

2) ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምብታን፡

3) ነቲ ኩናት ናብ ኩናት ሓድሕድ እስላምን ክርስትያንን ኤርትራውያን ምልዋጥ ነበረ።

እንተኾነ፡ ደሮ ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝነበሮም ስምዒት ብዝተፈላለየ መገዲታት የንጸባርቑ ስለዝነበሩ፡ እቶም ዝምልመሉ፡ ብዙሕ ቀለማዊ ትምህርቲን ፖለቲካዊ ኣፍልጦን ዘይብሎም፡ መንእሰያት ደቂ ርሑቕ ገጠር ክኾኑ'ዩ መሪጹ። ብእስራኤላውያን ክኢላታት ድማ፡ ብፍሉይ ስልቲ ጸረ-ደባይ ኩናት ከምዝሰልጥኑ ገበረ። 300 ወተሃደራት ዝሓዘ ቀዳማይ ዙርያ ሓይሊ ኮማንደስ፡ ብ3 መስከረም 1964 ከምርቕ እንከሎ፡ ብድሕሪኡ እቲ ታዕሊም ብዙርያታት እናቐጸለ እዚ ጸረ-ደባይ ሓይሊ'ዚ፡ ኣብ መፋርቕ 70ታት ብዝሑ ልዕሊ 2500 በጺሑ ምንባሩ ጸብጻብት የመልክቱ።

*(እዞም ኤርትራውያን ኮማንደስ፡ ምስ ግዜ ውዲት ስርዓት ኢትዮጵያ ስለዝተጋህደሎም፡ ብፍላይ ኣብ መፋርቕ 70ታት ንስርዓት ኢትዮጵያ እናረሓሪሑ ንሓይሊ ሰውራ ብምድልዳል፡ ማዕዋእቲ ከፊሎም ዝፈጸምዎ በደል ብዓዘቢ ዝኸሓሱ ምኳንም ክፍለጥ ይግባእ።)*

ኣብ እዋን ታዕሊምን ካልእ ኣስተምህሮን ኣኼባታትን ኣብ ልዕሊ እዞም ኤርትራውያን መንእሰያት ኮማንዶ ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኣስታስ ሸፋቱ መጋበርያ ሃገራት ዓረብን እስላምን ምዃኖም፡ ዕላማኦም ድማ ንኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ነጺልካ፡ ክርስትያን ዘይብላ እስላማዊት ሃገር ምቛም ምዃኑ ዝገልጽ ነበረ። ብሓፈሻ እቲ ኣስታስ እቶም ወተሃደራት ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ክቱር ጽልኢን ቅርሕንቲን ከምዝሓድሮም ዝጉብር ነበረ።

ዝ. መንፈስ'ዚ ሰሪቑ ዝመጸ ሓይሊ ኮማንደስ ኣብ መጨረሽታ 1964 ተጋደልቲ ንምድምሳስ ብዙሕ ወፍራታት ከካይድ ጀመረ። እዚ ሓይሊ'ዚ ካብቶም ቅድሚኡ ወፍራታት ዘካይዱ ዝነበሩ ሓይልታት ፖሊስ፡ ፊልድፎርስን ጦር-ሰራዊትን ናይ ውግእ ብቕዓቱ ኣዝዩ ጸብለል ዝበለ ነበረ። ተጋደልቲ ኣብ ዝተንቀሳቐስዎ ቦታታት እናሰዓበ ነቲ ሰውራ ምሉእ ብምሉእ ክድምስስ ከኣ ብኹሉ መኣዝናት ተንቀሳቐሰ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሓይሊ ኮማንደስ ብወፍራታት ዘይበጽሖን ዘይዳህሰሶን ርሑቕ ከባቢታት ኤርትራ ዳርጋ ኣይነበረን። ክሳብ ናብ ኣኽራናት ሰሜናዊ ሳሕል ከይተረፈ እናተንቀሳቐሰ፡ ኣብ ገለ ውግኣት ዘጋጥሞ ዝነበረ ክብድ ዝበለ ክሳራታት ብዘየገድስ፡ ኣንጻር ተጋደልቲ ብልዑል ስምዒትን ቀረጻትን ይዋጋእ ነበረ።

ሓሊፉ ናብ ከበሳታት ኤርትራን ናብቲ ስትራተጂያዊት ወደብ ምጽዋዕ እትርከበሉ ምብራቓዊ ኰላጉልን ኣስፋሕፍሐ። ተጋደልቲ ሳልሰይቲ ክፍሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ከበሳታት፡ ተጋደልቲ ራብዓይቲ ክፍሊ ድማ ኣብ ምብራቓዊ ኰላጉል ክንቀሳቐሱን ንኣሽቱ ስርሒታት ክፍጽሙን ምስ ጀመሩ፡ ሓደጋኝነቱ ንግዝኣቲ ኢትዮጵያ ዝያዳ እናኻቐለም ከደ። ከም መልሰ ግብሪ ናይዚ፡ ኮማንደስን ጦር ሰራዊትን ተጋደልቲ ተራእዮም ኣብ ዝተባህሉ ዓድታት ሰምሃርን ምዕራብ ሰራየን ብቐልጢፍ እናተንቀሳቐሱ ንደቂ ዓዲ ክኣስሩ፡ ከቡሉቡሉን ክርሽኑን፡ 'ወንበዴታት (ተጋደልቲ) ተቐቢልኩም፡ መጊብኩም' እናበሉ ንህዝቢ ኪጋፍዑን ሰብኣውነቱን ክብረቱን ክዋሉን ተራእዩ። ህዝቢ ርዒዱ፡ ኑዩም ኣካሉ ዝኾኑ ተጋደልቲ ከየዕቁብ ዝኣብርዎ ዝነበሩ ምፍርራሕን ዝፍጸምዎ ዝነበሩ ግፍዒታትን ግን ዝኾነ ለውጢ ኣየምጽኣን።

ይቕጽል

ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:00 | ህርመት |
| 16:25 | ኤረና |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | መደብ ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕሖት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ፍኖተ ሂወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ማሕበራዊ ዕብየት

*ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ*

## ክእለት ፈጠራን ምህዞን ቈልዑ ንምዕባይ



ሓይሊ ኣእምሮ ወዲሰብ ደረት ኣልቦ እዩ። ኣእምሮና ብምሉእ ኣደሃህባ ልዑል ናይ ምግባር ድሌትን እንተተመራሒ፡ ሓዲሽ ሓሳብ ናይ ምፍጣርን ናይ ምድህሳስን ዓቕሙ መዳርግቲ የብሉን። ኣብዚ ክንገዝኦ ዝግበኣና፡ ተፈጥሮ ዝዓደለና ብልሒ (IQ) ከም ዘለና እዩ። እዚ ድማ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ባህርያዊ እዩ።

ወዲሰብ ብባህርኡ ዘይዓገብ ሸውሃት ስለ ዘለዎ፡ ሓዲሽ ሓሳብ ኣብ ምፍላቕን ብኡኡ ኣቢሉ ድማ ህይወት ብዝቐለለን ዝመቸኣን ኩነታት ክነብር ዘኽእል ሓዲሽ ርኽበታት ኣብ ምምሃዝን ኣብ ቀጻልን ዘይቋርጽን ጉዕዞ ተጸሚዱ ይርከብ። ዓለምና በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ምዕባለ ትምህርትን ቴክኖሎጅን ድማ፡ ውጽኢት ናይ'ዚ ሓዲሽ ነገር ንምምሃዝ ዝግበር ቀጻልን ዘይቋርጽ ጻዕርን ተበላሓትነት ደቂሰብ እዩ።

ኣብዚ እዋን፡ ፈጠራውን ምህዞኣውን ክእለት ደቂሰብ ብዝለዓለ ክዕቢ ዘኽእልዎ ሰለስተ ደፋእቲ ረቛሒታት ኣለዉ። ንኣብነት ከም ቀዳማይ፡ ሳላ'ዚ ዘለናዮ ዘመን ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ብዙሕ ሓበሬታ ብዝቐልጠፈን ብኣገዩ ወሓዱ ዋጋን ግዜን ናይ ምርካብ ዕድል ብምህላዉ እዩ። ካልኣይ፡ ዝተራቐቐ ናይ ቴክኖሎጂ ምዕባለ ስለዘሎ፡ ሰባት ነቲ ብቐልጢፍ ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ማዕረኡ ክጎዓዙን ተረባሕቲ ክኾኑን፡ ብኡኡ ኣቢሉ ድማ መነባብሮኦም ንምምሕያሽን ናይ ፈጠራውነት ክእለቶም ንምዕባይን ልዑል ደፍኢት ይፈጥር ስለዘሎ እዩ። ብሳልሳይ ደረጃ ዝስርዑ ከኣ፡ ደምር ውጽኢት ናይ ሓበሬታን ቴክኖሎጂን ዘምጽኦ ደረት ዘይብሉ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ብምህላዉ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ብደረጃ ውልቀ ሰባት ይኹን ትካላት ወይ'ውን ማሕበራት ልዑል ናይ ቁጠባ ምንጪ፡ ኣታዊ ስለዝፈጥር፡ ልዑል ትኹረትን ወፍርን ተገይሩሉ ወትሩ ሓዲሽ ምንጪ ኣታዊ ዝኸውን ርኽበት ንምምሃዝ ለይትን መዓልትን ይሰርሓሉ ኣሎ።

ሓሳባት ሓይሊ ምኻናም ክኢላታት ስነኣእምሮ ዝገልጽዎ እዩ። የግዳ፡ ሓይሊ ሓሳባት በቲ እወታዊ መዳይ ክንጥቀመሉ ከለና እዩ ሃናጺ ዝኸውን። ብኻልእ መዳይ፡ ሓሳባት ኣዕናዊ ዝኾኑሉ ኩነታት ኣሎ። ንኣብነት፡ ህቡብ ሊቕን ተመራማርን ዓውዲ ስነ-ፍልጠት ኣልበርት ኣንስታይን ዘማዕበሎ ኣቶማዊ ጸዓት (atomic bomb) ኣብ ግዜ ካልኣይ ኲናት ዓለም 1946፡ ኣብ ሃገረ ጃፓን ኣብ ከተማታት ሂሮሽማን ናጋሳኪን ዘስዓቦ ህልቂትን ዕንወትን ስንብራቱ ክሳብ ሕጂ ዘሎ እዩ። እዚ ዘረድኣና፡ ሓይሊ ሓሳባት ናይ ወዲሰብ ማዕረ ክንደይ ሓያል ምኻኑ እዩ። ስለዚ፡ ሓሳባት ምንጪ ኩሉ ትምህርቲ፡ ሃብቲ፡ ፍልጠት፡ ዳህሳሳት፡ ርኽበታትን ወዘተ እዮም። ኣብ ዓለም እቶም ዕዉታት ሰባት ዝበሃሉ፡ ወትሩ ሓዲሽ ሓሳባትን ርኽበታትን ኣብ ምንዳይ ልዑል ትኹረትን መጸናዕትን ዘካይዱ እዮም።

ብሓፈሻ፡ ኩሉ ሰብ ሓዲሽ ሓሳብ ንምምጻእ ማዕረ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ብዙሓት ረቛሒታት ክጥቀሱ ይኽእሉ እዮም። ሓደ ካብኡ ድማ ናይ ትምህርቲ ድሕረ ባይታ እዩ። ትምህርቲ፡ ብቐዓቱን ደረጃኡን ዝሓለወ፡ ተበላሓትነትን መሃዛትነትን ዘለዎ ቈልዓ ኣብ ምዕባይ መሰረታዊ ነገር እዩ። ትምህርቲ ክበሃል ከሎ ኣካዳምያዊ፡ ስነልቦናዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምራውን ትሕዝቶ ዘለዎ፡ ኣእምሮን ተበላሓትን ቈልዑ ዘማዕብል ረቛሒ ሓይሊ እዩ። እኹል ፍልጠት ምህላው፡ ነገራት ንምምዛንን ብዝበዝሒ መዳይ ንምርኣይን ዘኽእል ልዑል ክእለትን ንቕሓትን ኣብ ምጥራይን ምምዕባልን ሓጊዙ እዩ። እዚ ድማ ሰባት ኣብ ነብሶም ዘህልዎም ነብሰ-ክብረን ርእሰ-ምትእምማንን ይዓቢ። ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓዲሽ ሓሳብ ናይ ምፍጣርን ምምሃዝን ሸውሃቶምን ባህጎምን ኣጸቢቑ የዕብዮ። ስለዚ ትምህርቲ፡ ሰባት ነቲ ኣብ ወሽጦም ዘሎ ዕቑር ናይ ምሕሳብን ምምርማርን ሓይሊ ኣበራቢሩ፡ ኣብ ነገራት ልዑል ግንዛበ ክህልዎም ዘኽእል እዩ። ብፍላይ ህጻናት ኣብ ትኽክል ዕድመኦም ዕድል ትምህርቲ ረኺቦም እንተዓብዮም፡ ኣብ መጻኢ ምሉእ ዓቕምን ክእለትን ዘለዎም ይኾኑ። ካልእ፡ ሰብ ሓደ ዓይነት ክእለት ክህልዎ ዝኽእል ኣይኮነን። ስለዚ ሰባት ዝህልዎም ናይ ባዕሎም ብቕዓት ወይ ክእለት (intelligence) እውን ከም ሓደ ረቛሒ ክንጠቕሶ ይከኣል እዩ። ብተወሳኺ፡ ሓዲሽ ነገር ንምሕሳብን ንምምሃዝን ዝህሉ ኣመለኻኽታን ኣረኣእያን ኩይኑ፡ እዚ ድማ ደምር ውጽኢት ኣብ ስድራቤታት ዝህሉ ናይ ኣተዓባብያ ኣገባብ፡ ባህልን ልምድን ዝብጽሑ ከባቢ ወይ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ህይወት ዝጥረ ትምህርትን ተመክሮን ክኸውን ይኽእል። ብሓፈሻ ግን ኣብ'ዚ ዓለም ዓቢ ሰራሕ ክሰርሕ እንተኾይኑ፡ ብቐንዱ ዓቢ ሕልሚ ክህልዎና ክኽእል ኣለዎ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ሕልምና ተተግቢሩን ተጨቢጡን ክኸውን፡ ዕላማና ንወቕዓሉ ንጹር፡ ተዓቃቢ፡ ተበጻሒ፡ ብግዜ ክቕመር ዝኽኣል መደብ ሓንጺጽና፡ ልዑል ድሌትን ጻዕርን ተበላሕነትን ከርኢ ክኽእል ኣለና።

ብኻልእ ወገን፡ ሰባት ሓዲሽ ሓሳብ ኣብ ዝፈጥሩሉን ብኡኡ ኣቢሎም ድማ ሓዲሽ ምህዞ ንምስራሕ ኣበርቲዖም ኣብ ዝሰርሕሉን ልዑል ነብሰ-ክብሪ፡ ሓጎስ፡ ደስታን ከም ዝስምዖም ይገልጽ። ብዘይካ'ዚ ልዑል ናይ ምትዕጽጻፍ ባህሪ ክህልዎምን ከምኡ ድማ ግድላት ንምፍታሕ ዘርእዮዎ ድሌት፡ ናይ ምግባር ወይ ልዑል ከም ዝኸውን ይገልጽ። ብሓፈሻ፡ መሃዝነትን ፈጠራውነትን ኣእምሮ ደቂሰብ ዝለዓለ ናይ ምግንዛብን ምምዛዝን ክእለት ንኽዮማዕበል ኣገዳሲ ሓጋዚ እዩ። ሰባት ድማ ኣብ ቀጻልን ዘይቋርጽን ፈጠራውን ምህዞኣውን ስርሓት ስለ ዝነብሩ፡ ህይወት ደቂሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝተመሓየሸን ዝበለጸን ክኸውን ክኢሉ ኣሎ።

ሕመረት ናይ'ዚ ጽሑፍ እምበኣርከስ፡ ቈልዑ ብኸመይ ፈጠራውን ምህዞኣውን ክእለቶም የማዕብሉ ንዝብል ንምምላስ እዩ። ኣገዳስነት ፈጠራዊ ክእለት ኣብ ቈልዓ ክንብል ከለና፡ ናይቲ ቈልዓ ግንዛበ (cognitive) ትኩርነት ከምኡ'ውን ማሕበራውን ስምዒታውን ምዕባለ ብምርኣይ ናይቲ ቈልዓ ሓዲሽ ሓሳብ ናይ ምፍልፋል ክእለት ወይ ኣእምሮኣዊ ስእሊ ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ንምድህሳስ ይጠቕመና። ስለዚ ፈጠራን ምህዞን ክእለትን ቈልዑ ንምምዕባል ዝውሃብ ትምህርቲ፡ ማሕበራዊ፡ ስምዒታዊን ኣእምሮኣዊን ጥዕና ቈልዑ ንምድህሳስን ንምፍታሽን ከምኡ ድማ ኣብ ኩሉንትናዊ ዕብየቶም ዝህልዎ ልዑል ኣስተዋጽኦ ንምግንዛብ እዩ። ንኣብነት ስእሊ ምስኣል ፈጠራውነትን መሃዝነትን ክእለት ቈልዑ ዘዕቢ እዩ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ንዝደኸመ ኩነተ-ኣእምሮ ናይቶም ቈልዑ'ውን ናብ ንቡር ኩነተ ኣእምሮ ብምምላስ፡ ህድኣትን ወሻጣዊ ሰላምን ክምዝስምዖም ዝገብር እዩ። ብሓፈሻ፡ ስርሓት ፈጠራውነት ንቘልዑ ጸቢቕ ክስምዖምን ጥዕና ክረኽቡን ልዑል ተራ ከም ዘለዎ መጽናዕትታት ዘረጋገጽዎ ሓቂ እዩ።

ፈጠራን ምህዞን ቈልዑ ንምዕባይ እዞም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ሜላታት ክንጥቀም ንኽእል።

1. ኣዘናጋዕን ዋዛ ሓዘልን ሕቶታት ምሕታት፦

እዚ ኣእምሮኦም ክንፍትሸ የኽእለና፤ ኑቶም ቈልዑ'ውን ኣብ ነገራት ግንዛበ ከሕድሩ የኽእሎም። ንኣብነት፡ ካብ 5-9 ዓመት ንዝዕድመኦም ቈልዑ ከምዚ ኢልና ክንሓቶም ንኽእል፦

• ሃንደበት እንስሳታት ክዛረቡ እንተዝጅምሩ እንታይ ምተሰምዓኩም?

• ጸሓይ 24 ሰዓት ከይዓረበት እንተትጸንሕ እንታይ ምተሰምዓኩም?

ንኸምዚኦም ዓይነት መስሓቕትን ዘይክወንከታውያንን ሕቶታት፡ እቶም ቈልዑ ሕገ-ሳት ኩይኖምን ተዛኒዮምን ስለዝምልስዎም፡ ሓይሊ ኣእምሮኦም ብዝለዓለ ክበቓቓሕ እዩ ዝሕግዞም። ካብኦም ክወጽእ ይኽእል እዩ ኢልካ ክትገምቶ ዘይትኽእል ሓዲሽ ኣበሃህላን ሓሳባትን ከፍልቁ ድማ ትዕዘብ።

2. ጌጋታት ኣብ ዝፍጽሙሉ እወታዊ ምኻን፦

ቈልዑ ነገራት ናይ ምፍላጥን ምድህሳስን ልዑል ህንጡይነት ኣለዎም። ኣብ ከምዚ ህሞት፡ ጌጋ ምስ ዝፍጽሙ እወታዊ ኩይንካ ብሃናጽን ልዙብን መንገዲ ክእረሙን ክተዓብዩን ኣለዎም። ብዓብኡ'ውን፡ ጌጋታት ምፍጻም ንዓወት መንገዲ ዝጥጥሕ መሰርሕ ናይ ዕብየት እዩ።

ቈልዑ ብስድራቤቶም ልዑል ፍቕሪ፡ እምነትን ምትብባዕን እናተገበረሎም ምስ ዝዓብዩ፡ ናይ ቋንቋን ምብህሃልን ክእለቶም እዩ ዝዓቢ። በዚ ከኣ ልዑል ነብሰ-ክብሪ፡ ርእሰ-ተኣማንነት፡ ነብሰ-ምምዕባልን ሓያል ወኒን ከሕድሩ ይኽእሉ። ሓዲሽ ሓሳብ ናይ ምምጻእን ናይ ምምርማርን ክእለት ኣእምሮኦም ድማ ደፍኢት ይፈጥረሎም፡ ብኣንጻር ናይ'ዚ ግን፡ ኣብ ኣተዓባብያኦም ብወለዶም ፍቕሪ ዝተሓጽጾም፡ ብቑጽሊ ዀፈታን ዘለፋን ዝዓብዩ ቈልዑ፡ ርእሰ-ምትእምማኖምን ወኖምን ድኹም፡ ሓዲሽ ነገር ናይ ምፍታን ምፍጣርን ዓቕሞም ድማ ትሕቱ እዩ ዝኸውን።

3. ተወሃህቦኦም ኣለሊኻ ደገፍ ምግባር፦

ቈልዑ፡ ልዑል ኣቓልቦ ተጉዳስነትን ዝሃብዎ ዓይነት ትምህርቲ ወይ ሞያ ክህልዎም ባህርያዊ እዩ። ዝ፡ ናይ ምግባር ድሌት ምስ ተወሰኸ፡ ብምሉእ ስምዒትን ልዑል ኣደሃህባን ክጸንዑን ክመራመሩን ይሕግዞም። እዚ ኸኣ፡ ፈጠራውነትን ምህዞን ቈልዑ ዘተባብዕን ባይታ ዘጣጥሕን እዩ። ስለዚ፡ ወለዲ ተወሃህቦን ኣቓልቦን ደቆም ኣለልዮም፡ ኣብ'ቲ ባህ ዝበሎም፡ ብተማስጦ ክሰርሕዎን ክድምዕሉን ዝኽእሉ ዓውዲ ክሕግዝዎም ይግባእ። ባህርያት ደቆም ብቐረባ ንኽፈልጡ ድማ፡ ምስ ደቆም ዝሕልፍዎ ናይ ሓባር ግዜ ክህልዎምን ጥቡቕ ርክብ ክፈጥሩን ኣለዎም።

4. ካብ ገዝኦም ወጻኢ ናይ ምዘናጋዕ መደባት ክህልዎም ምግባር፦

ቈልዑ ብዘይካ'ቲ ኣብ ትምህርቲ ዘሕልፍዎ ግዜ፡ መታን ከበኦም ብዋበኡ ክፈልጡን ክርድኡን ካብ ቤቶም ወጻኢ ናይ ምዘናጋዕ መደባት ክሰርዓሎም ጸቡቕ እዩ። ኣብ ተፈጥሮ ዝህልዎም ፍልጠትን ርድኢትን ክዕብዩ ድማ የኽእሎም። እዚ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ቈልዑ ዝህቦ እወታዊ ጥቕሚ፡ ናይ ምሕሳብ ክእለቶም እውን የበራብሮ እዩ። ንነገራት ብብዙሕ መኣዝን ክርእዩን ክሓስቡን ከኣ ይሕግዞም።

5. መሃዝነት ዘዕብዩሉ ናይ ጸወታ ግዜ ክህልዎም ምትብባዕ፦

ቈልዑ፡ ናጻ ኩይኖም ፈጠራዊ ክእለቶም ዘርኢሉ ናይ ጸወታ ግዜ ክህልዎም ምትብባዕ ከምዝድልዮም ክኢላታት ስነልቦና ዝመኽሩዎ እዩ። እዚ፡ ኣብ ወሽጢ ገዛን ካብኡ ወጻኢ ናይ ሓባር ጸወታ ክኸውን ይኽእል። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ካብ ገዛ ወጻኢ፡ ምስ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ መሓዙቶም ቈልዑ ብሓባር ዝጻወቱ ክኸውን ይኽእል። ቈልዑ ምስ መሓዙቶም ክጻወቱ ከለዉ፡ ናጽነት ስለዝስምዖም፡ ልዑል ሓጎስን ባህታን እዩ ዝፈጥረሎም። ናይ ባዕሎም ዝረዳድኡሉ ቋንቋ'ውን ስለዘለዎም፡ ኣብ ንንሓድሕዶም ናይ ምርድዳእን ምብህሃልን ክእለት ከማዕብሉ ይሕግዞም። ናጻ ኩይኖም ሓሳቦም፡ ድሌቶም፡ ክእለቶምን ስምዒቶምን ክገልጹ፡ ክፍትሹን ክድህስሱን ጸቡቕ ሃዋህው ይፍጥረሎም።

6. ኣብ ስነጥበባዊ ዕዮ ምስታፍ፦

ቈልዑ፡ ኣብ ንጥፈታት መዚቃ፡ ሳዕስዒት፡ ቅብኣ፡ ተዋስኦን ካልእን ክስተፉን ኣበርክቶ ክህልዎምን ኣለዎም። እዚ፡ ከዘጽዎም ተገንዘቦኣዊ ክፋል ኣእምሮኦም ክሕይልን ከምዝዕብርን ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ እዩ። ስለዚ ምስ ናይ ትምህርትን መጽናዕትን ግዜኦም ብዘይጻረር መንገዲ፡ ኣብ ስነጥበባዊ ንጥፈታት ክሳተፉ እዩ። እዚ፡ ትኩረቶም ከዕቢ፡ ሞያዊ ክእለት ድማ ከጥርዩ ይሕግዞም።

7. ሓዲሽ ነገር ክፍትኑ ምትብባዕ፦

ቈልዑ ኣብ ፈጠራዊ ዕዮ ኣብ ዝጽመዱሉ እዋን ምትብባዕ ክግበረሎም ይግባእ። ንኣብነት ካብ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝሰኣልዎ ዝበለጸ ዝበርትዐ ስእሊ ክስእሉ፡ ብመዚቃ ጊደርም ክደርፉን ክጻወቱን…ዕዮ ምሃብ። እዚ፡ ሓዲሽ ነገር ክፍትኑን ዘይፈልጥዎ ነገር ክምክሩን ስለዝተባብዖም፡ ወጽኢታዊ ምትብባዕ እዩ።

8. ብሓባር ናይ ምንባብ ልምዲ፦

ከም'ቲ ወዲሰብ ክነብር መግቢ ዘድልዮ፡ ኣእምሮና ክዓብን ክሰፍሕን ድማ ምንባብ የድሊ። ስለዚ፡ ብቐጻሊ ምንባብ ኣእምሮ ቈልዓ ክሰፍሕን ናይ ምሕሳብን ምምርማርን ክእለቶም ክዓብን ዝገብር ደፋኢ ረቛሒ እዩ። ብቐጻሊ ምንባብ፡ ግድላት እንታይ ምኻኖምን ብኸመይ ክፍትሑ ከምዝኽእሉን ንምርዳእ ዘኽእል ፍልጠትን ክእለትን ዝህብ ስለዝኾኑ፡ ደቅና ክንብቡ ነተባብዖም። ቈልዑ ዘንብብዎም መጻሕፍቲ ብስእሊ ዝተሰነዩ እንተኾይኖም፡ ቅድሚ ምንባብ ምጅማሮም፡ ካብ'ቲ ስእሊ ተበጊሶም እቲ ጽሑፍ ብዛዕባ እንታይ ዝገልጽ ምኻኑ ሓሳቦም ከፍስሱ ምውካሶም ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኣቐዲሞም ብዛዕባ'ቲ ዘንብብዎ ጽሑፍ ክሓስቡን ኣእምሮኦም ብዝለዓለ ከቃቓሕን ክመራመርን የኽእል። ማዕረ ማዕረኡ'ውን ወለዲ ኣርኣያ ኩይኖም ኣብ ቅድሚ ደቆም ከንብቡ ኣለዎም።

ትምህርቲ መሰረት ዕብየት እዩ። ተገንዝቦኣዊ ክእለት ቈልዑ ኣብ ምዕባይ ድማ መሰረታዊ ተራ ይጻወት። ኣብ መውዳእታ ከኣ፡ ልዑል ናይ ምፍጣርን ምምሃዝን ብቕዓት ክህልዎም ዝኽእሉ እዩ። ስለዚ፡ ደቅና ኣብ ትምህርቲ ልዑል ተጉዳስነትን ኣቓልቦን ረኺቦም መታን ክመሃሩን ክዓብዩን፡ ድጋፍናን ከይጸዓጸዕና ተራና ንዕዘዘ፡ ዝጸገመ ይዕወት እዩ እሞ፡ ደቅና ክዕወቱ ግዜናን ዓቕምናን ነወፍየሎም።

**ወልዱ ክፍላይ**
**ጨ/ድ/ቈልዑን ስድራቤትን**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሰሰት ትብለጽ ዝብረሃዋርያት ረዳኢ ተኸሳሲቲ ጸሃይኸ ዝብረሃዋርያት፣ በሉይኸ ሃብተ ደባሱ ሚካኤል ሃብተ ደባሱ ዳኒኤል ሃብተ ደባስ ንምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ኣስመረት ሃብተ ወኪል ወ/ሮ ኣብ ጴጋይ፣ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ትርሓስ ገብርኣብ ዝዅሎ ናይ ፈጻሚ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ግዝ ሰም ዋንነት ምትሕልላፍ ጉዳይ፣ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ትርሓስ ገብርኣብ ወልደየውሃንስ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኺ ን11/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

የተብል ሳሙኤል ተወልደ ምግል ተረፉ፣ የተቢድ ሳሙኤል ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለኩ ተዓረ ዑቕቡ፣ ኣቦና ተዓረ ዑቕቡ ልኡል ስለዝዋረፈ፣ 4 ህልዋት ደቆም 1 መዋቲት ተተኪእቲ 3 ደቃ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሰሰት ሰላም ገብረሂወት ብሩ፣ ተኸሳሲ ግርማይ እምባዬ ናይ ቃልኪዳን ክብሪ መዘኑብ ምስራዝ ክርክር ስለዘሎ፣ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 2ይ መጋባእያ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሳሊም ላይነ ጸጉ፣ ኣቦይ ላይነ ጸገ ስለዝዋረፈ፣ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፣ ንኣዴና ሳራ ኣስመላሽ ደማ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሄኖክ ክብሮም ሰጊድ፣ ኣቦይ ሚጀር ክብሮም ሰጊድ ዘርኡ ስለዝተሰውአ፣ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ተኽኣ ነጋሲ፣ ኣቦይ ነጋሲ ክፍለ ስለዝዋረፈ፣ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሙሉጌታ ገብራይ ገብረሚካኤል፣ ወኪል ሰለሙን ኣብርሃ፣ ኣሕዋተይ 1.ረዘነ ገብራይ ገብረሚካኤል 2.ትዕበ ገብራይ ገብረሚካኤል ደሃይ ስለዘጥፍኡ ይጸውዑለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ።

የናታን ሰለሙን ገረዝጊሄር ምግል ተረፉ፣ መርሃዊ ሰለሙን ገረዝጊሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሙኤል ኢሳቕ፣ ኣቦና ኢሳቕ ኣብራ ኣስገዶም ስለ ዝተሰውአ፣ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

መርሃዊት ገብረ ተወልደ ምግል ተረፉ፣ መግደላዊት ገብረ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ጸገ ፍስሃጼን፣ ብዓል ቤተይ ሽመንዲ በርሃ ስለዝዋረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 12 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ምሕረት ምራጭ ግርሙ፣ ሰም ኣደይ ምስየፍ መንግስቱ፣ ገብረሂወት ምግል ተረፉ፣ ሂወት ገብረስላሴ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ያቆብ ክፍለማርያም ትኩእ፣ ኣብ ቀዳማይ ዞርያ መንገዲ ቁሸት ናይ ቦንድ ዝተመርሓለይ ፕሎት 196 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 525 ት/ሜትሮ ዝኾነ፣ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ሰነዳት፣ ምርሒት መሬት፣ ስሌዳ ውዕል ኣጠቓቕማ ክራይ መሬትን ለካሽን ፕላንን ስለዝጠፍኣኒ፣ ረኺብ ወይ'ውን ብዕዳ ሓዚዩ ዝዘብል እንተሎ፣ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07881806 ይሓበረኒ፣ እንተዘይቲይ ግን መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ ይሕብር።

ያቆብ ክፍለማርያም ትኩእ

---

### ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ውዕል፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

1.ቤት ትምህርቲ ስዉኣት ዊናን ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ጻብራ ናቕፋ ንዓመተ ትምህርቲ 2025 ዝውዕል 1ይ ደረጃ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋ ብዕሹግ ደብዳቤ ክቕርብ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2023 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዮ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ትምህርቲ ኣስመራ ቁ/ቴሌ 123749 ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ነፍሲ ወከፍ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን15 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ንጽባሒቱ ክሳብ ሰዓት 9:45 መጫረቲ ፖስታ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ትምህርቲ ኣስመራ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
7.መኽበሪ ጨረታ (CPO) ንነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ 20,000.00 ናቕፋ ክስከ ኣለዎ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይካየድ።
9. ሚ/ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ቤት ትምህርቲ ስዉኣት ዊናን ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ጻብራን
ቴሌ 123749

---



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮን እነኽብሮን ኣቦና ኣቶ ተወልደ ቀሊታ ካሕሳይ፣ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝተሓባበርኩምና ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኬንያ፣ ማ/ቤ/ጽ ህግደፍን ባህላዊ ጉዳያትን ሬሳ ተቐቢልኩም ክሳብ ኣዜን ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካልን ብቴሌፎንን ሓዚንኩም ዝገለጽኩምልናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገጽጹ።

በ/ቤቱ ወ/ሮ ጽገሃና ኣሰፋው ምስ ደቁን
ምሉኣት ስድራቤትን

---



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ ሰለሙን ክፍለማርያም ከንቲባ ወልደማርያም፣ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ ሕማሙ ዝበጻሕኩም ዘልዓልኩም ከም'ውን ክሳብ ዓዲ ሰግዶ ዘቃበርኩምናን ገዛና እተመላለስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኑቢያት የሴፍ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ከረን ቁ.ገዛ 7 ብቁ/ምስክር ወረቐት 106585 መወከሲ ቁ 122549 ቁ. ፕሎት 23 ፓርሰል E ስፍሓት 47.52 ት/ሜ ቀንዲ ክፍሊ 1 ብስም ነፍ/ስራጅ ኣሕመዲን፣ ነ/ሄር ኣሚና ዓብደላን፣ ኣቶ ኣሕመድ ስራጅ ኣሕመዲን ምስ ኣዴኡ ወ/ሮ ዘይኑብ ዑስማንን 6+ ኣሕዋቱን ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፣ ብዘለኒ ዶክመንት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

መሓመድኑር ስራጅ ኣሕመዲን

---

### ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ህንጻ ሰገን ኣብ ኣስመራ፣ ደንጎሎ፣ ከረን፣ ኣቑርደት፣ ዛራ፣ ቢሻ፣ ካዕላይ፣ ባረንቱ፣ ተሰነይ ንዝርከብ ካፍተርያታት ናይ ሰራሕተኛታት ዝኸውን ሽሮን በርበረን ኣውዳዲሩ ወርሓዊ ቀረብ ዝቕርቡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፤

1. ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ምስ ፎቶኮፒ መንነት።
2. ናይ 2023 ግብሪ ዝጸረየ (ዝኸፈለ)።
3. ተጫረትቲ ናይ መጫረቲ ሰነድ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ንግሆ ካብ 8:00-12:00 ድሕሪ ቀትሪ ካብ 2:00-5:00 ክወስዱ ይኽእሉ።
4. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ኣብ መበል 11 መዓልቲ ሰዓት 9:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዘለውሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ይኽፈት።
5. ናይ ጨረታ ሰነድ ምስ ተመልአ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፈሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ይርከብ።
6. ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ 20,000.00 ናቕፋ ብCPO የትሕዙ። ቸክ ቅቡል ኣይኮነን።
7. ኩባንያ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተድኣ ረኺቡ፣ ነቲ ጨረታ እቲ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ህንጻ ሰገን
ጎደና ብድሆ
ቁ/ገዛ 50-52

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፍትዊ ካሕሳይ ባይሩ፥ ወድና ሚካኤል ፍትዊ ካሕሳይ ስለዝተሰወአ፥ ኣነ ምስ ኣዲኡ ትዕበ ተኪኤ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

መዚት ኣፈወርቂ ርእሶም ምግባል ተረፉ፥ ስላም ኣፈወርቂ ርእሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ት ተኻጣሪያም መንግስ ደባሰን ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ነፍ መድህን ጺድቕ ጊላኡ 1.የውሃንስ ጺድቕ ጊላኡን 2. ወረ/ነፍ ኣማረሽ ጺድቕ ጊላኡን 2.1 ነጸሶት ያቆብ 2.2 ታቦቱ ያቆብ 2.3 ለተንስኤ ያቆብ 2.4 ነፍ/ሰንበቱ ያቆብ ብተተኻእታ 2.4.1 ሙሉ ርእሶም 2.4.2 ኤልሳ ርእሶም 2.4.3. ብስራት ርእሶምን 2.4.4 ደርጋኣለም ርእሶምን ዘሎ ናይ ስም ዋንነት ንብረት ምስጊጋርን ናይ ዘይንቀሳቐስ ናይ ፈጻሚ ጉዳይን፥ ብፍ/በ/ዕዳ ቁ.2.3 ወ/ሮ ለተንስኤ ያቆብ 2.4.1 ሙሉ ርእሶም 2.4.2 ኤልሳ ርእሶም 2.4.3 ብስራት ርእሶምን ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን11/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ናስር መሓመድ ኢማን ምግባል ተረፉ፥ ናስር መሓመድ ኢማን ኣሕመዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ስምረት ሰሎሞን ስዩም፣ ስም ኣደይ ኣሰፋሽ ኣስፍሃ ወልደገርግሽ ምግባል ተረፉ፥ ኣስማሽ ኣስፍሃ ወልደገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተስላሴ ግርማይ ወልደሚካኤል ምግባል ተረፉ፥ ሄለን ግርማይ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣስማይት ተስፋገርግስ ሃይለ ምግባል ተረፉ፥ የርሳሌም ተስፋገርግስ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲት ጺጋ ብርሃ ወልደገብርኤል፥ ተኸሳሲ ሜሮን ደበሳይ ገብረሂወት፥ ንዓኻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

---

Embassy of Italy
Asmara

The Embassy of the Italian Republic to the State of Eritrea is inviting qualified applicants for the following vacant post:

POST TITLE: ADMINISTRATIVE ASSISTANT

GENERAL REQUIREMENTS:
- Must be at least 18 years of age;
- Must be medically fit to work;
- Must hold a diploma of first-level secondary education or an equivalent qualification (minimum requirement);
- Non-Eritrean nationals must have been residents in Eritrea at least 2 (two) years.
- Eritrean citizens must have fulfilled their military service obligations as required by current local legislation.

EVALUATION CRITERIA:
- Excellent command of spoken and written Italian and English;
- Possession of academic qualifications higher than the minimum required, with appropriate certification (including copies);
- Relevant previous work experience with duties comparable to those outlined in this notice, with appropriate certification (including copies) and a clear indication of the reasons for termination.

APPLICATION PROCEDURE: Application forms are available at the Embassy of Italy in Asmara or can be downloaded from the following website:

www.ambasmara.esteri.it

Applications must be submitted by 2:00 PM on January 20, 2025.

Applications signed and scanned, and accompanied by a copy of a valid identity document, may be submitted electronically to the following email address:
asmara.ambasciata@esteri.it

Alternatively, applications may be submitted by hand or via postal service to the following address:

AMBASCIATA D'ITALIA IN ERITREA
STREET 171-1-171 N. 11, P.O. BOX 220
ASMARA

For further details and instructions, please visit the above website or consult the Embassy's notice board.

---



## ምስጋና

ብሞት ፍቑር ኣቦና ወዲ ሓውናን ዝኸውን ... 

ብማስዋእቲ ብልቢ ዝፈተዎን ዘኽብሮን ክቡር በ/ቤተይ ሌ/ኮሎኔል ኣስመሮም ደምሳስ ብርሃ፥ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ይኹን ክሳብ መቓብር ሓርበኛታት ደብርዋ ዘቃበኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሻጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ብፍላይ ድማ ብሳዕስዖት ኣዘዝትን ኣባላትን ወተ/ሃንደሳ ዝተገበረልና ምጽንናዕ ኣዚና እናመስገንና፣ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ዓጺና ኣሎና።

በ/ቤቱ ወ/ሮ መኣዛ ወልደገርግስ
ኣቶ ተኸስተ ደምሳስ ምስ ደቀይን
ምሉኣት ስድራ ቤትን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ካብ ልቢ ነፍቅራን ንፈትዋን ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ዱንያ ሓንጥል ዑቕቡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ላቐን (ጉሕጭዓ) ዘቃበርኩምና፥ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብተሌፎን ካብ ወሻጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምና፥ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣቶ ብርሃ ግርማይ ጉብረሚካኤል፥ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ንግዳዊ ትካሎም "ኤፍራታ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ" (EPHRATAH LANGUAGE SCHOOL) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከይሃለወ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ፋጥማዝህራ ሰይድ ሑሴን፥ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት ቁርሲ ንግዳዊ ትካለን "ብሃር በርገር ቤት ቁርሲ" (BHAR BURGER SNACK BAR) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከይሃለወ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል፥ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ዘገልግሉ ዘለዉ ኮምፕዩተራት፣ ፕሪንተራት፣ ፎቶ ኮፒየራትን ሰርቨርን ወርሓዊ ናይ ጽገናን ጽሬትን ኣገልግሎት (MAINTENANCE & SERVECE) ክግበረለን ስለዝደለየ፥ ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ዘማልኡ ተወዳደርቲ ክወዳደሩ ይኽእሉ።
. ተወዳደርቲ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ክሕዙ ይግባእ።
. ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣትሒዙ ን10 መዓልቲ ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ፤ መበል 11 መዓልቲ ሰዓት 10 ቅ/ቀ ተሳተፍቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ፥ ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል ዝተዳለወ ሰታሪት ኣብ ቅድሚ ተወዳደርቲ ይኽፈት።
. ዝርዝር ስራሕ፥ ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ቁ/9 ይወሰድ።
ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኸበ ብከፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING
SHARE COMPANY

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Project Engineer – Mechanical Project Engineer
Number required – (01)
Type of contract – definite (18 months)

Major Duties and responsibilities

- Ensure the project is technically fit for purpose from a mechanical engineering perspective and meets the design and statutory requirements.
- To provide input to mechanical engineering packages for project governance.
- To oversee contractor installation as well as commissioning for plant readiness for startup operations.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Identify and quantify project needs for a greenfield concentrator implementation and assist in ensuring implementation of detailed mechanical specifications for the project.
- Provide input and recommendations for project mechanical designs.
- Review and evaluate contractor designs for mechanical packages.
- Co-ordinate material deliveries and installations ensure all materials on hand match the plan and specifications.
- Maintain and update project mechanical SOW and preconstruction documentations.
- Prepare, schedule and supervise inspections of all mechanical installations.
- Report on project mechanical engineering technical scope performance against the baseline plan.
- Review and approve 3rd party mechanical engineering content as required.
- Ensure that 3rd party mechanical engineering contractors adhere to the overall project quality plan.
- Check installation on all aspects and co-ordinate commissioning in conjunction with commissioning team.
- Assist in Quality control and commissioning of equipment and complete all relevant documentation for hand over
- Assist in Quality control and commissioning of equipment and complete all relevant documentation for hand over.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- BSc or BTech in Mechanical or Industrial Engineering.

Working Experience – Nature & Length

- A minimum of 15 years' experience in mineral processing or metallurgical plant design/operations.
- A minimum of 5 years' experience on project implementation preferably for mineral process operations.
- A minimum 5 years' experience in plant construction and commissioning preferably in a base metal or copper concentrator environment.

Technical Skills

- Experience with AutoCAD and 3D modelling software is considered an asset.

Behavioral Skills

- Ability to manage one's own activities on or ahead of schedule and on or below budget.
- Ability to prepare and deliver oral and written presentations for study and project reports.
- Excellent communication, interpersonal and presentation skills.

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: definite Period (18 month)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣርቴታ፡ ኣብ ሃቨርትስ ንዝወረደ መጥቃዕቲ ነቒፉ

ዓሰልጣኒ ኣርሰናል ሚከል ኣርቴታ፡ ንኣጥቃዓዩ ካይ ሃቨርትስን ብዓልቲ ቤቱን ብቐጥታዊ ማስመር ኢንተርነት ዝመጸኦም መጥቃዕቲ፡ ሕማቅ ሳዕቤን ዘለዎን ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ካብ ሰሩ ክመሓው ዝግበኦን ምዃኑ ገሊጹ።

ሃቨርትስ፡ ኣብዚ ሰንበት ምሸት ብማንቸስተር ዩናይትድ ብፍጹም ቅላዕ 5ብ3 ዝተሰዓረሉ ናይ ኤፍኤ ካፕ ጸወታ፡ ብዘርኣዮ ድኹም ምንቅስቓስ ተነቒፉ እዩ። ሃቨርትስ፡ ኣብ ምዱብ ግዜ ወጽኢት ክትቅየር እትኽእል ዕድል ምብጻሑን ኣብ መወዳእታ ከኣ ፍጹም ቅላዕ ምስሓቱን ይዝከር።


በዚ ከኣ ናብኡ ናብ ሰበይቱን ኘና ዘይተወልደ ወላዶምን ዝቐንዐ ምፍርራሕ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢ ወሪድዎ።

ኣርሰናል፡ ነዚ ዘመናዊ ናይ ኢንተርነት ምፍርራሕ ናብ ፖሊስ ከምዘቕረበቶን ምስ ክኢላታት ተሓባቢራ ከኣ ገበኛ ንምርካብ ትሰርሕ ምህላዋን ሓቢራ ኣላ።

ዓሰልጢ ኣርቴታ፡ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ድማ፡ "ገለ ነገር ክንገብር ኣለና፣ ምኽንያቱ፡ ነዚ ጉዳይ ምቕባልን ምሕባእን ሕማቅ መዘዝ ዘምጽእ እዩ። እዚ ሓደ ካብቲ ካብ ኩዕሶ እግሪ ካብ ሰሩ ክንኣልዮ ዘለና እዩ።" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "27 ታሕሳስ ምስ ኢፕስዊች ኣብ ዝተጻወትናሉ ሃቨርተስ እዩ ነታ እኽሎ መዐወትቲ ሸቶ ኣመዝጊቡዋ። ሽዑ ምሉእ ስታድዩም ስሙ ክጽምብል ተሰሚዑ። ድሕሪ 20 መዓልታት ግና ተጸሪፉ። ኣብይ ደኣ ኣሎ እቲ ኣወንታዊ ኣጠማምታ። ኩልና ሓላፍነታውያን ኢና፣ ኣዝዩ ዕቱብ ጉዳይ ድማ እዩ። ንዓኡን ንኹሉ ኣብዚ ኢንዳስትሪ ኩዕሶ እግሪ ዘሎን ዝጸልዎ እዩ። እዚ ክኸልከል እዩ ዘለዎ።" ኢሉ።





መንነቶም ብዘይፍለጡ ሕሳባት (ኣካውንት) ማሕበራዊ መራኸቢ ተጠቒምኻ ንተጻወትቲ ምፍርራሕን ምጽራፍን ልሙድ ተርእዮ እናኾና ይመጽእ ምህላዉ ዝፍለጥ፡ ብፍላይ ናብ ጸለምቲ ዝቐንዐ ዓሌታዊ ኣድልዎ። ዛጊት ፍታሕ ክርከቦ ከኣ ኣይተኻእለን።

ካብ ኤፍኤ ካፕ ዝተገለፈት ኣርሰናል፡ ሎሚ ኣብ ሜዳኣ ንቶተንሃም ዓዲማ ናይ ሰሜን ለንደን ግጥም ደርቢ ክተካይድ እያ።

## "ሮናልዶ፡ ሕጂ'ውን ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም እዩ"

### ናይ ቅድም ዓላሚ ፖርቱጋል

ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ወላ'ኳ ዝመጽእ ወርሒ ለካቲት 40 ዓመት ዝመልእ እንተኾነ፡ ኹና ግና ሕጂ'ውን ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም ምህላዉ፡ ናይ ቅድም ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ፈርናንዶ ሳንቶስ ገሊጹ።

ሳንቶስ፡ ካብ 2014 ክሳብ 2022 ንፖርቱጋል ኣብ ዝኣለመሉ፡ ምስ ሮናልዶ ክሰርሕ ክኢሉ ነይሩ። ኣብ 2016 ድማ፡ ዋንጫ ኤውሮጳ ብሓባር ዓቲሮም ነይሮም።

ሳንቶስ፡ ኣብቲ መበል 110 ዓመት ምስረታ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ፖርቱጋል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እዩ ኑቲ ናይ ቅድም ተጻዋታዩ ከድንቖ ተሰሚዑ።

"ኩሉ ግዜ ክሳብ ናይ መወዳእታ ናይ ክጻወትን ፖርቱጋል ካልእ ዋንጫ ክትዓትር ድማ ኩሉ ነገር ክህብ ምዃኑን ዝኾነ ጥርጣረ የብለይን። ክሪስቲያኖ፡ ሕጂ'ውን ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም እዩ ዘሎ።" ኢሉ - ኣብዚ እዋን ንሃገራዊት ጋንታ ኣዝርብዳን ዘዕለማ ዘሎ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ።

ሓሙሽተ ግዜ ወልቃዊት ሽልማት ባሎን ድ'ኦር ዝዓተረ ሮናልዶ፡ ኣብ ናይ ጸወታ ግዚኡ ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም ንምጽዋዕ ምስ ቀንዲ መወዳድርቱ ሊዮኔል መሲ ኣብ ዲቕ ዝበለ ስፖርታዊ ውድድር ኣትዩ እዩ። እዚ ሓያል ጸልዋ ዘለዎን ንብዙሓት ተጻወትቲ ኣርኣያ ዝኾነን ተጻወታይ፡ 1000 ሸቶታት ንምብጻሕ





ጸወታ ግዚኡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክህሉ እየ ዝጽበዮ። ኣብ ዝመጽእ ዋንጫ ዓለም 2026 ሓደ ካብ ዕላማታቱ ምዃኑ ይግለጽ። ዛጊት ከኣ 917 ሸቶታት በጺሑ ኣሎ።

## ማን ሲቲ፡ ንረዩስ ንምፍራም ተሰማሚዓ

እንግሊዛዊት ክለብ ማን ሲቲ፡ ንኦተቴ ተጻዋታይ ፓልሜራስ - ቪቶር ረዩስ



ንምፍራም ተሰማሚዓ - ብመሰረት ጋዜጣ በበሰ።

ሲቲ፡ ነዚ ወዲ 19 ዓመት ትስፉው ተኸላኸሊ ንምፍራም፡ ንዕምንታት ምስ ጋንታኡ ክትዘራረብ ጸኒሓ እያ። ድሕሪ ገለ ዘይሰመረ ዝርርብ ድማ፡ ኣብዚ ግዜ ንፓልሜራስ ዘዕግብ ሕቶ ብምቕራብ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ሓዱሽ ኣባላ ክትገብሮ ተሰማሚዓን ተቓሪባን ኣላ።

ፓልሜራስ፡ ንረዩስ ክሳብ'ቲ ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ዝካየድ ዋንጫ ክለባት ዓለም ክትዕቅቦ እዩ ድሌታ። ብመሰረት ናብ ቀረባ ምንጪታት ግን፡ እዚ ናይ 29.4 ሚልዮን ፓውንድ ውዕል ምስ ዝፍጸም፡ ረዩስ ብቐጥታ ናብ ማን ሲቲ ክጽምበር እዩ።

እዚ ብየማናይ እግሪ ዝጻወት ናይ ማእከል ተኸላኻሊ፡ ኣብዛ ዳግማይ ቅርጺ እተመሓይሽ ዘላ ሻምፕዮን ክለብ ፕሪመር ሊግ ዝኾነት ክለብ ተራ ክህልዎ ትጸበ ይግበር። ካብ 2024 ጀሚሩ ኣብ 18 ግጥማት ማልያ ፓልሜራስ ዝለበሰ ረዩስ፡ ኣብ ጥቅምቲ 2023 - ኣብ 2006 ካብ ዝተወልዱ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ተጸዊዑ ነይሩ - ብእንግሊዛዊት ጋዜጣ ዘ ጋርዲያን።

ብሃንደበት ዝወደቐ ብቕዓታ ንምብርባርን ዝተዳኸመ መስርዓ ንምምሕያሽን እትሰርሕ ዘላ ማን ሲቲ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንተኸላኻሊ ለንስ - ኣብዱኮዲር ኩሳኖቭ ንምፍራም ምስምማዓ'ውን ተሓቢሩ ነይሩ። ንኣጥቃዓይ ኢንትራክ ፍራንክፈርት ኦማር ማርሙሽ ንምፍራም ድማ፡ ኣብ ዝርርብ ትርከብ።

### ለድያ በረኸት

## ጋርናቾ ንጠለብ ናፖሊ ይቕበል

ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣልየሃንድሮ ጋርናቾ፡ ብመገዲ ወኪሉ ካብ ናፖሊ ንዝቐረበሉ ጠለብ ምስምጋር ከም ዝተቐበሎ ተገሊጹ።

ናፖሊ ኑቲ ናብ ፒኤስጂ ክትሸጦ ኣብ ስምምዕ በጺሓትሉ ዘላ ኣጥቃዓይ ኪቪቻ ክቫራትስኬልያ ዝትክእ ሓድሽ ተጻዋታይ ንምፍራም እያ፡ ነዚ ወዲ 20 ዓመት ተጻዋታይ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ትርከብ።



ማን ዩናይትድ ብወገና ኑቲ ናይ መሸጣ ማስርሕ እኳ እንተተቐበለቶ፡ ዋጋኡ ግና 80 ሚልዮን ዩሮ ምዃኑ እያ ሓቢራ ዘላ። ይኹን እምበር፡ እታ ብ45 ሚልዮን ኤሮ ክትገዝኦ ጠለብ ኣቕሪባ ዘላ ናፖሊ፡ ነዚ ብማንዩናይትድ ዝሕተት ዘሎ መጠን ገንዘብ ክትበጽሖ ከኸብዳ ምዃኑ ይግለጽ። በዚ ከኣ ናብ መደምደምታ ክትብጽሕ ዘለዋ ተኽእሎ ውሑድ ምዃኑ ይሕበር። እዛ ጋንታ ከም ካልኣይ ኣማራጺ፡ ንኣጥቃዓይ ቶተንሃም ቲሞ ቨርነር ሓጺያቶ ምህላዋ'ውን ይግለጽ።

**


26 ጸወታታት ኣርባዕተ ሸቶታት ጥራይ ብምምዝጋቡ ብቕዓቱ ኣብዛ ክለብ ከምቲ ዝድለ ኣይተሰማዕ። ኣል-ሂላል፡ ከም መተካእታ ኑቲ ኣብ ክራማት ናይዚ ዓመት ውዕሉ ዘብቅዕ ነይማር ክትዕድጎ ሕቶ ከምዘቕረበት ይግለጽ።

እዚ ወዲ 25 ዓመት፡ ኣብ ሊቨርፑል ሰሙናዊ 140 ሽሕ ፓውንድ ዝኽፈል ኮይኑ፡ ናብ ኣል-ሂላል ምስ ዝሰጋገር ኣብ ሰሙን 400 ሽሕ ፓውንድ ዝኽፈሎ ጠለብ ቀሪቡሉ ከምዘሎ ይግለጽ።

## ሊቨርፑል፡ ንሕቶ መሸጣ ኑነዝ ትነጽግ

ሊቨርፑል፡ ንኡራጓያዊ ኣጥቃዓያ ዳርዊን ኑነዝ ንምግዛእ ካብ ክለብ ኣል-ሂላል ዝቐረበላ ናይ 70 ሚልዮን ፓውንድ ጠለብ ነጺጋቶ።

መራሕት ፕሪመርሊግ ሒዛ ዘላ ሊቨርፑል፡ ብ85 ሚልዮን ፓውንድ ከም እትሸጦ ብምሕባር እያ፡ ንሕቶ ኣል-ሂላል ነጺጋቶ ዘላ።



ሊቨርፑል፡ ንኑነዝ ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት ካብ ፖርቱጋላዊት ክለብ በነፊካ ብ65 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝዓደገቶ ይፍለጥ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተሳተፈለን

## ውዕል ክቫራትስኬሊያ ተወዲኡ





ፒኤስጂ፡ ውዕል ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ናፖሊ ኪቪቻ ክቫራትስኬሊያ ኣብ መፈጸምታ ከምዝበጽሐቶ ተሓቢሩ።

እዚ ውዕል፡ ክልተኣን ጋንታታን ብቕድሚ ትማሊ ብኣፈናዊ ስምምዕ ድሕሪ ምርድዳኣን እዩ፡ ትማሊ ኣብ መፈጸምታ በጺሑ።

ፒኤስጂ፡ ካብ ሕሳብ ናብ ሕሳብ ናፖሊ ልዕሊ 70 ሚልዮን ዩሮ ከተሰጋግር ምዃና ኣዝኪሉ፡ እዚ ጆርጂያዊ ተጻዋታይ ከኣ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ክተፈርሞ ምዃኑ ተቓሊሑ።

## ጂሰስ፡ ነዛ ዓመት ክኸስራ ከምዝኽእል ተገሊጹ

ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ጋብሪኤል ጂሰስ፡ ኣብቲ ምስ ማንዩናይትድ ዝተገብረ ናይ ሰንበት ግጥም፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ፡ ኣብዚ ዓመተ-ስፖርት ናብ ውድድር ክምለስ ዘለዎ ተኽእሎ ውሑድ ምዃኑ ተገሊጹ።

ጋብሪኤል፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ (ቅድሚ ዕረፍቲ) እቲ ዝተሰዓረሉ ጸወታ እዩ ብበረኻ ተጸይሩ ወጺኡ። ዓሰልጢ እዛ ጋንታ ሚከል ኣርቴታ፡ ትማሊ ብዘዕባ ኩነታት እዚ ብራዚላዊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ከኣ፡ መጉዳእቱ ቀሊል ከምዘይመስል ሓቢሩ።

እዚ እስጳኛዊ ዓላሚ፡ "ጽቢ ዕንወት እዩ። ማህረምቱ ብቐልጢፉ ዝመሓየሽ ኣይመስለን። ናይ ሓደ ሓኪም ወጽኢት ጥራይ እየ ዝጸበ ዘለኹ። እቲ ወጽኢት ክሳብ ዝንገረኒ ከኣ ዝኾነ ጭብጥ ሓበሬታ ክህብ ኣይክእልንየ።" ኢሉ።





ብመሰረት ምንጪታት፡ እዚ ብራዚላዊ፡ ኣብ ጅማውቲ ብርኩ እዩ መጉዳእቲ ኣጋጢሙዎ። እዚ መጉዳእቲ'ዚ ከኣ፡ ንብዙሓት ተጻወትቲ ዘጋጥሞምን ዘሳቕዮምን ምዃኑ ይሕበር።

በዚ ድማ እዚ ተጻዋታዩ፡ ነዚ ኑሩ ዘሎ ወቕቲ ከይከሰሮ ተሰጊኡ ኣሎ።

ኣቐዲማ ንወሲ ተጻዋታያ በካዮ ሳካ፡ ከም'ኡ'ውን ንመንእሰይ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓያ ኢታን ዋነሪን ከሰራ ዘላ ኣርሰናል፡ ሕጂ ከኣ ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ግጥማት ሽዱሽተ ሸቶታት ዘመዝገበላ ጂሰስ ብምኽሳራ፡ ኣብ ማስመር መጥቃዕቲ ዋሕዲ ተጻወትቲ ከጋጥማ ከምዝኽእል ይግለጽ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ኒውካስል - ዎልቭስ 10፡30 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ኣስቶን ቪላ 10፡30 ድ.ቀ

ሌስተር ሲቲ - ክሪስታል ፓላስ 10፡30 ድ.ቀ

ኣርሰናል - ቶተንሃም 11፡00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ምርያም ኣብርሃም

## ሩስያን ኢራንን፡ ስትራተጂያዊ ስምምዕ ንምኽታም ይዳለዋ

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ምስ ኢራናዊ መዘናኡ መስዑድ ፐዘሽክያን፡ ኣብዚ ሰሙንዚ ኣብ ከተማ ሞስኮ-ሩስያ ርክብ ከምዘካይድ ይሕብር ኣሎ።

ፕረዚደንት መስዑድ ፐዘሽክያን፡ ዝመጽእ 17 ጥሪ ናብ ከተማ ሞስኮ ከምዝገሹ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ ኣብቲ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ዘካይዶ ርክብ 'ስትራተጂያዊ' ዝተባህለ ስምምዓት ከምዝኸትም ኣፍሊጦም።

ብዘወሳኺ፡ እዞም ክልተ መራሕቲ ኣብ ኣህጉራዊን ዞባውን ጉዳያት፡ ንግዲ፡ መጓዓዝያን ሰብኣዊ ሓገዛትን ዘተኮረ ዝርርባት'ውን ከምዘካይዱ ይግለጽ ኣሎ።




ፕረዚደንት ፐዘሽክያን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ'ውን ኣብ ከተማ ካዛን - ሩስያ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ' 'ንምስታፍ ናብታ ሃገር ተጓዒዞ ምንባሩ ይዝከር።

ኣመራርሓ መሻርኽቲ፡ 'ኢራን ንሩስያ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ሓገዛት ትምጥወላ ኣላ' ብምባል፡ ኣብ ልዕሊኤ ተወሳኺ እገዳታት ክጸንዓ ምጽንሓን ይፍለጥ።

ብዚዮዳ ካብ 2022 ኣትሒዙ ብጸቡቕ ክምዕብል ዝጸንሐ ዝምድና ሩስያን ኢራንን ኣብዚ እዋን ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ በጺሑ ከምዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

## 'እስራኤልን ሓማስን ኣብ ስምምዕ ክበጽሑ ቀሪቦም' ተባሂሉ

ኣብ ቀጠር ተራኺቦም ተጻብኦ ደው ንምባል ዝዘተዩ ዘለዉ ወከልቲ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ኣብ ስምምዕ ክበጽሑ




ከምዝቐረቡ ሰቡማዚ ፍልስጤም ሓቢሮም።

ክልቲኦም ወገናት ናብ ስምምዕ እንተ በጺሖም፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ኣልማማዊ ደብዳብ ደው ከተብሎ፡ ሓማስ ድማ ኣብ ኢዱ ዘለዉ እስራኤላውያን ጀሆታት ናጻ ከምዝለቕቕ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ሰቡማዚ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ኣብ ዶሓ ርእሲ ከተማ ቀጠር ዘይቀጥታዊ ርክብ የካይዱ ከምዘለዉ ዝጠቕሱ እቶም ሰቡማዚ፡ እቲ ዝርርብ ፍረ ክርከቦ ተቓሪቡ ከምዘሎ'ዩ ዝገለጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ እንተደኣ ተኸቲሉ፡ ኣብቲ ናይ መጀመርያ መድረኽ፡ ሓማስ ጀሆ ሒዙዎም ዘሎ ሰለስተ ሰባት ናጻ ክለቕቕ ምዃኑ፡ እስራኤል ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ወሽመጥ ቓዛ ዓስኪሮም ዝነበሩ ወተሃደራታ ክተንሳሕብ ክትጅምር ምዃና ተፈሊጡ ኣሎ።

ሸውዓተ መዓልታት ድሕሪቲ ስምምዕ ድማ፡ ሓማስ ተወሳኺ 4 ሰባት ናጻ ክለቕቕ፡ እስራኤል ድማ ካብ ቤት-ንበረቶም ተመዛቢሎም ዝርከቡ ሰላማውያን ሰባት ናብቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ወሽመጥ ቓዛ ዝርከብ ኣብያቶም ክምለሱ ፍቓድ ክትህብ ምዃናዩ ዝሕብር ዘሎ።

ብዘወሳኺ፡ እስራኤል ኣሰራቶም ዘላ ኣሽታት ሓደ ሽሕ ፍልስጤማውያን ናጻ ክትለቕቕ፡ ሓማስ ድማ ኣምሲያኡ ተወሳኺ 34 ጀሆታት ክፈትሕ ምዃኑ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቀጠር ገሊጹ።

ኣብቲ ዘተ ዝሳተፍ ዘሎ ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ጃክ ሰሊቫን ብወገኑ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ መወዳእታ ናይዛ ሰሙን ተግባራዊ ክኸውን ከምዝጀምር ይሕብር ኣሎ።

እስራኤል ኣብ ቓዛ ብሰንኪ ተካይዶ ዘላ ኣልማማዊ ደብዳብ፡ ዛጊት ልዕሊ 45,800 ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 109 ሽሕ ድማ ቆሲሎም ኣለዉ።

## ደ/ኣፍሪቃ - ልዕሊ 100 ዘይሕጋውያን ዓደንቲ ሞይቶም

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ኣትሒዞም ኣብ ውሽጢ ጉድጓድ ዕደና ወርቂ ሓቢኦም ዝጸንሑ ልዕሊ 100 ዘይሕጋውያን ዓደንቲ ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

እዞም ንኣዋርሕ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝጸንሑ 'ዘይሕጋውያን' ዝበሃሉ ዘለዉ ዓደንቲ፡ ብሰንኪ ጥሜትን ጽምእን ከምዝሞቱ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ብዘወሳኺ፡ ካልኦት ልዕሊ 500 ሰባት'ውን ኣብ ውሽጢ እቲ ጉዳጉዲ ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ምውታት ክውስኽ ተሰጊኡ ከምዘሎ እዩ ዝሕብር።

እቶም ዓደንቲ ኣብቲ ዓሚቑ ናይ ዕደና ጉድጓድ ክኣትዉ ዝገበርዎ ቀንዲ ምኽንያት፡ ተረፍ ወርቂ ወይ'ውን ካልእ ክቡር ማዕድናት ንምርካብ ምዃኑ ዝጠቐሰ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ናብቲ ጉድጓድ ማይ፡ መግቢ፡ ጀነሬተራትን ካልኦት መሳርሒታውያን ጠለባትን ሒዞም ከምዝኣተዉ ኣረዲኡ።

እንተኾነ፡ እቲ ሒዞሞ ዝኣተዉ ማይን መግብን እኹል ከምዘይኮነ፡ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ተሓባበርቶም'ውን ሓገዝ ከምዝሓተቱን እዮም እቶም ሰቡማዚ ዝገለጹ።

መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር፡ ናብቶም ዘይሕጋውያን ዓደንቲ ዝኣቱ ዝነበረ መግብን ማይን ደው ክብሎ ከምእተገበረ ሓቢሩ ነይሩ።

ነዞም ዘይሕጋውያን ዓደንቲ ብሂወት ንምድሓን ኩብኒያ ድሕነት ደቡብ ኣፍሪቃ ሓንቲ ምዕብልቲ መሳርሒ ናብቲ ቦታ ከምዝለኣኸ ብምሕባር፡ ደሮ 7 ሰባት ብሂወት ከምዝወጽኡ ኣመልኪቱ።

እዛ ፍልይቲ መሳርሒ ብኸምቲ ዝተገመተ ኣገባብ እንተሰሪሓ፡ ኣብ ውሽጢ 16 መዓልታት ንኹሎም እቶም ኣብ ውሽጢ እቲ ጉዳጉዲ ዘለዉ ዓደንቲ ብህይወት ከተውጽኦም ከምእትኽእል'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።



## “ኣብ 2025፡ ቁጠባ ዓለም ተወሳኺ ዕብየት ኣይከመዝግብን እዩ” ው/ሕ/ሃ

ኣብ 2025፡ ቁጠባ ዓለም ከም ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ2.8 ሚእታዊት ጥራሕ ከምዝዕብ፡ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ውድብ እያም እቶም ጸብጻባት ወሲኾም የመልክቱ።



ማጠን ዝቐባበ ብምቁጽጻር፡ ቁጠባ ሕቡራት ሃገራት ኣመልኪቶም።

ኣብዚ ሓዚፍያ ዘሎና ዓመት፡ ዋላኳ ማጠን ዝቕባበ ክጸክን ኣህጉራዊ ዕዳጋታት ክመሓየሽ ብዙሓት ክኢላታት ትጽቢት ገይሮም እንተሃለዉ፡ ቁጠባ ዓለም ግን ብሰንኪ ገለ ርጉጽነት ዘይብሎም ምኽንያታት ተወሳኺ ዕብየት ከምዘየምዝግብ እዩ እቲ ጸብጻብ ዘረድእ።

እንተኾነ፡ ቁጠባ ዓለም ኣብ 2026 ብ2.9 ሚእታዊት ክዕቢ ከምዝኽእል ዓለምና ኣብዚ ዓመትዚ ክመሓየሽ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ጂኦ-ፖለቲካዊ ግጭታትን ንግዳዊ ወጥርታትን ግን፡ ዝኾነ ዕብየት ከመዝግብ ትጽቢት ከምዘየለ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

በዚ ኸኣ፡ ዕብየት ቁጠባ ዓለም ምስቲ ካብ 2010 ክሳብ 2019 (ቅድሚ ለበዳ ኮሮና-ቫይረስ ምኽሳቱ) ዝነበረ ዕብየት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብኣዝዩ ትሑት ኣሃዝ ደውሰኽ ከምዘሎ እዩ ዝሕብር።

## ናይጀርያ - ዕጡቓት 40 ሓረስቶት ቀቲሎም

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ፡ ዕጡቓት ጉጅለታት ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ ብውሑዱ 40 ሓረስቶት ከምዝተቐተሉ ተሓቢሩ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ብዕጡቓት ጉጅለታት ቦኮ ሓራምን ዳዕሽን ዝተኻየደ ምንባሩ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ክፍሊ-ሃገር ቦርኖ፡ ኑቶም ዕጡቓት ንምቅላስ ናብቲ ከባቢ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ተዋፊሮም ከምዘለዉ ሓቢሩ።

እቶም ሓረስቶት ተኣኪቦም ስርሖም ኣብ ዘሰላስሉ ዝነበሩ ህሞት እቲ መጥቃዕቲ ከምዝወረዶም ዝገለጸ እቲ ብዓል-ስልጣን፡ ካልኦት ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሓረስቶት ግን ካብቲ መጥቃዕቲ ሃዲሞም ብሂወት ክድሕኑ ከምዝኸኣሉ ኣረዲኡ።

መንግስቲ ናይጀርያ፡ ሰላማውያን ሰባት ብዕጡቓት ጉጅለታት ካብ ዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ንምድሓን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰራዊት ናይጀርያ ናብ ዝርከብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ጸዊዑ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ዕጡቕ ጉጅለ ቦኮ-ሓራም ካብ 2009 ኣትሒዙ ኣብ ናይጀርያ ብዘካይዶ ዘሎ ሽበራዊ መጥቃዕቲታት፡ ዛጊት ልዕሊ 35,000 ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም፡ ብሰንኩ ድማ ካልኦት ልዕሊ 2 ሚልዮን ሰባት ካብ ቤት-ንበረቶም ተመዛቢሎም ይርከቡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰንተራል | 15/01/2025 | ጎደና ኖቐፋ ቁ.18-20፡ ፊት ከረን ሆቴል | 120730 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565